# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.7 | ዓርቢ 8 መስከረም 2023 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
መልእኽቲ ሚኒስትሪ ትምህርቲ
ብምኽንያት 8 መስከረም ኣህጉራዊ መዓልቲ ምጥፋእ መሃይምነት

ገጽ 3
ካብ'ጀዛን ክሳብ ዓረዛን ግዝግዛን


ገጽ 4
ቁይቍ - ኣብ መንጎ ሰብኣይን ሰበይትን


ገጽ 5
በዓል ደኺን እንተኾይንካ. . .


ገጽ 7
ክረምታዊ ውድድር ህጻናት ግራስ ሩት ይቕጽል



# ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ ናይሮቢ - ምስ ፕረዚደንት ዊልያም ሩቶን ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ትካላትን ርክባት ኣካዪዱ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ፕረዚደንት ረፓብሊክ ኬንያ - ዊልያም ሩቶን ትማሊ 7 መስከረም ኣብ ሰዓታት ቅድሚ-ቐትሪ ርክብ ኣካዪዶም።

ኣብ ቤተ-መንግስቲ ኣብ ዝተኻየደን ንልዕሊ ሓደ ሰዓት ዝቐጸለን ርክቦም - ፕረዚደንት ኢሳይያስን ፕረዚደንት ሩቶን ኣብ ምድንፋዕ ክልተኣዊ ዝምድናን ሓባራዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎም ዞባውን ኣህጉራውን ጉዳያትን ዘትየም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብ6 መስከረም ድሙ ምስ ኣመሓዳሪ ፕሮግራም ልምዓት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣሸም ስቲንገር፣ ፕረዚደንትን ኣቦ-መንበር ቦርድ ዳይረክተራትን ኣፍሪ-ኤግዚም ባንክ - ዶ/ር በኔዲክት ኦኬ፣ ከምኡ'ውን ምስ ኣማኻሪት ውሕስነት ጸጥታ ፕረዚደንት ኬንያ - ሞኒካ ጁማ ተራኺቡ ዘትዩ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስን ኣመሓዳሪ ፕሮግራም ልምዓት ውሕ.ሃ. ኣሸም ስቲንገርን ኣብ ርክቦም - ኣብ ጉዳይ ሰላም ሱዳን ተመያዪጦም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ውሕ.ሃ. ኣብ ጉዳይ ሰላም ሱዳን ተራኡ ክፃበን ምስ ጉረቤት ሃገራት ተላዚቡ ክሰርሕን ከምዝኾኖ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ኤርትራ ዝስላሰል ዘሎ መደባት ልምዓት ኣመልኪቶም ኣብ ዝገበርዎ ዘተ ድማ፡ ሚስተር ኣሸም - ፕሮግራም ልምዓት ውሕ.ሃ. ምስ ባንክ ልምዓት ኣፍሪቃ ብምትሕግጋዝ መደባት ልምዓት ኤርትራ ከምዝድግፉን ኤርትራ ክበጽሖ መደብ ከምዘለዎን ገሊጹ።


ብዘይካ'ዚ፡ ምስ ፕረዚደንትን ኣቦ-መንበር ቦርድ ዳይረክተራትን ኣፍሪ-ኤግዚም ባንክ ዶ/ር በኔዲክት ኦኬ ኣብ ዝገበርዎ ርክብ፡ እቲ ትካል ኣብ መደባት ልምዓት ኤርትራ ብዘዕባ ዘበርክቶ መንገዲ ተመያዪጦም። ዶ/ር በኔዲክት እውን - ኤርትራ ከምዝበጽሕ ሓቢሩ።



ፕረዚደንት ኢሳይያስን ኣማኻሪት ውሕስነት ጸጥታ ፕረዚደንት ኬንያ - ሞኒካ ጁማን ኣብ ዝገበርዎ ርክብ ድማ፡ ኣብ ተተካኢ ጸጥታ - ማለት ንፋሳዊ፡ ጸሓያዊ፡ ሃፋውን ማያውን ካብ ኬንያ ተመኩሮ ንምቕሳም ዝጸለመ ዘተ ኣካዪዶም።

ኣብ'ቲ ርክባት፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ረፓብሊክ ኬንያ ኣቶ በየነ ርእሶምን ተረኺቦም ነይሮም።





## ሓደ መስከረም፡ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ብድምቀት ተጸምቢሉ

'ሓደ መስከረም' ዝኽሪ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ካናዳ፡ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ኣስትራልያ፡ ግብጺ፡ ደቡብ ሱዳን፡ ኩወይት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ጅዳ - ስዑዲ ዓረብ ብድምቀት ተጸምቢሉ።

ብ3 መስከረም ኣብ ከተማ ዋሽንግተን-ዲሲ - ሕ.መ.ኣ. ኣብ ዝተኻየደ ኣሽሓት ኤርትራውያን ዝተረኽቡሉ ስነ-ስርዓት፡ ኑቲ ዕለት ብዘንጸባርቑ ግጥምታት፡ ድራማታት፡ ከምኡ'ውን ካብ ኤርትራ ዝኸደት ጉጅለ ባህሊ ብዘቕረበቶ መሰናድኡ ደሚቑ ነይሩ።

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣቶ ብርሃ ንብረሂወት፡ ህዝቢ ኤርትራ - ናጽነቱ ብጦዙእ ቅልጽሙ ኣብ ርእሲ ምርግጋጹ፡ ኣብ ናጻ ፖለቲካዊ ሕርያን ርእሰ-ምርኮሳን ዝተሰረተ ክብርታትን መትከላትን ኣማዕቢሉ፡ ሕቡእትን ሕፍርትን ሃገር ክሃንጽ ከምዝበቕዐ ገሊጹ።

ማሕበረትም ኤርትራውያን-ካናዳውያን ብ2 መስከረም ኣብ ዘቃልዖ ተመሳሳሊ ጽምብል ድማ፡ ሓላፊት ቤት-ጽሕፈት ጠቕላሊ ቈንስል ኤርትራ ኣብ ካናዳ ወ/ሮ ኣማረሽ መብራህቱ፡ ክብረታት ሓርነታዊ ቃልስና ድሕሪ ብምጥቃስ፡ "ናይ ጽንዓት፡ ሓድነትን ዘይተንበርከኽነትን ኤርትራዊ መንፈስ፡ ናይ ዘልኣለም ዕጥቅና ክኸውን ይግባእ" ክትብል ኣዘኻኺራ።

ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ሻርጃ፡ ሕ.ኢ.ዓረብ፡ ካይሮ፡ ደ/ሱዳን፡ ኩወይት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ጅዳ - እቲ ዕለት ብዝተፈላለየ መሰናድኣታት ተዘኪሩ።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ጽልዋ 'ማሕበራዊ ብቕዓት' ኣብ ጥዕና ኣእምሮ

ማሕበራዊ ብቕዓት፡ ምስ ሰባት ክትራኸበ ወይ ክትብሃሃል ዘኽእል ጥበብ እዩ። እቲ ምብህሃል ብቓላት ወይ ብምልክት ዝተሰነየ ክኸውን ይኽእል።

ወዲ-ሰብ፡ ንሕድሕዱ ተማሕቢሩ ክኸይድ ልዑል ተፈጥሮኣዊ ትዕድልቲ ዝወሃቦ ፍጡር እዩ። ነቲ ተፈጥሮ ዝዓደሎ ማሕበራዊ ምትእስሳር ንምብራኽ፡ ምስ ግዜ ንሓድሕዱ ዘበሃህሎ ምልክታትን ቋንቋታትን ፈጢሩ፤ ንሓድሕዱ ክረዳዳእ በቒዑ ይርከብ።

ማሕበራዊ ብቕዓት እንታይ እዩ ጥቕሙ?

ማሕበራዊ ብቕዓት ሓደ ሰብ ምስ ብጾቱ ይኹን መቕርቡ እወንታዊ ርክብ ክህልዎ ይሕግዞ። ልዑል ማሕበራዊ ብቕዓት (social skill) ዘለዎ ሰብ፡ ምስ ሰባት ኣብ ምርድዳእን ዝምድና ኣብ ምምስራትን ጸገም የብሉን። ሕጉስ ከምኡ'ውን ባህታ (enjoyable) ዘለዎ ህይወትን ክነብር እተደልዮ ልዑል ማሕበራዊ ብቕዓት ክህልወካ ከም ዘለዎ ክኢላታት ስነ-ኣእምሮ ይመኽሩ።

ማሕበራዊ ብቕዓትን ኣእምሮኣዊ ጥዕናን ቀጥታዊ ምትእስሳር እዩ ዘለዎ። ጥዕና ዘለዎ ማሕበራዊ ዝምድና እናሃለወ ብዝኸደ መጠን፡ ሓጉስ ዝመልኦ ህይወት እናሃለዎ ክኸይድ ንቡር እዩ። ማሕበራዊ ብቕዓትካ ልዑል እንተኾይኑ፡ ብቑዕ ርእሰ ተኣማንነት (self-esteem) ክህልወካ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ልዑል ማሕበራዊ ብቕዓትን ርእሰ-ተኣማንነትን ዘለዎ ሰብ ድማ፡ ብዝተማዕደ ብወጥርን ኣእምሮኣዊ ነውጽን ክጥቃዕ ዘለዎ ተኽእሎ ትሑት እዩ። ማሕበራዊ ብቕዓት ኣብ ጥዕናና ብሓፈሻ ድማ ህይወትና እዝን ካልእን ኣገዳስነት ካብ ሃለዎ እምበር፡ ባህርያዊ ለውጢ ብምኽያድ ከማዕብሎ ከም ዝከኣል እዮም ክኢላታት ዝምዕዱ።

=> ብንእሽቶ ጀምር፦ ኣዝዩ ከቢድን ልዕሊ ዓቕምኻን ዝኾኑ ነገራት ክትሰርሕ ኣይትፈትን። ኩሉ ግዜ ብንእሽቶ ጀምር። ዝኾነ ስራሕ ክትጅምር ምስ ሰባት ኣብ እትራኸበሉ እዋን እቲ ፈለማ ክትገብሮ ዘገበኣካ ንእሰ ብቕዓት፡ ትሕትና ምውናን እዩ። ፍሕሹው ኩን፡ ከም "የቐንየለይ፡ ይቕሬታ" ዝበሉ ትሕትና ዘንጸባርቑ ቓላት'ውን ተጠቐም። ምስ ሰባት ኣብ እትራኸበሉ እዋን እውን እተካይዶ ዝርርብ፡ ኣዝዩ ሓጺርን ገላጽን ክኸውን ይግባእ። እተካይዶ ዝርርብ ንእሽቶን ሓጺርን ምስ ዝኸውን ልዑል ርእሰ ተኣማንነት ክህልወካ ይሕግዘካ እዩ።

=> ርእሱ-ተኣማንነት ይሃልኻ፦ ምስ ሰባት ክትቀርብ እንከለኻ፡ ብዝተኻእለ መጠን ርእሱ-ተኣማንነትካ ኣሐይልካ ክትቀርብ ይግባእ። ጭንቀት (anxiety) ኣይሃልኻ፡ ኩሉ ግዜ ድሕሪት እዩ ዝመልሰካ። ኣካላትካ ብፍርሒ ከይተወረረን ስምዒትካ ከይተተንከፈን ብድፍረት ዝርርብ ክተካይድ ፈትን። እተካይዶ ዝርርብ ወይ እትህቦ መግለጺ፡ መውዳእታ ዘይብሉ ወይ ነዊሕ ክኸውን የብሉን። በዚ ድማ ርእሱ-ምትእምማን ክተማዕብል ትኽእል ኢኻ።

=> ሰማዒ ኩን፦ ምሳኻ ንዘራረቡ ዘለዉ ሰባት ጸገን ኣልካ ክትሰምዖም ፈትን። እንታይ ደብሃል ከም ዘሎ ጸገን ኣልካ እንተደኣ ሰሚዕካን እንተደኣ ተረዲእካዮን ጥራሕ ኢኻ ነቲ ተላዒሉ ዘሎ ኣርእስቲ ከተሰነዮን ብቑዕ ሓሳባት ክትህብ/ክትወስኽ እትኽእል። እዚ ቀሊል ዝመስለኳ እንተኾነ፡ ብዙሓት ሰባት ንሰሚዖም ጥራይ ክዛረቡ ስለ ዝደልዩ፡ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሰባት ኣድህቦ ክህልዎም ኣይርእን እዩ። ስለዚ፡ ሰማዒ ምዃን ብዙሕ ጥቕሚ ከም ዘለዎ ክትዝንግዖ ኣይግባእን።

=> ክፉት ሓንጎል ይሃልኻ፦ ብጥቡእ ሰማዒ ኺንካ ብዛዕባ ነገራት እኹል መረዳእታ ንኽይትረክብ ዝዕንቅጽ ሓደ - ክፉት ሓንጎል ዘይምህላው እዩ። ሰፉሕ ወይ ሓንጎል ዘይብሉ ዝበሃል ሰብ ከም ዘሎ ክንግንዘብ ይግባእ። ኣብ መጠኑ ብልሒ ደቂ-ሰብ፡ ሓደ ካብቲ ካልእ ዝበልጸ ዝኾነ ክፉት ሓንጎል ስለዘጠረ ጥራሕ እዩ። "ክርደኣኒ ኣይክእልን እዩ ኣነ ሓንጎል የብለይን" ክንብል የብልናን። ከምኡ ሓሲብና፡ ሰባት ዝበልዎ ኩሉ ብጥቡእ ከይተረደኣና ክንቅበሎ እውን የብልናን። ሓደ ነገር እንቕበሎ ክሳብ ዝኣመንትሉ ጥራሕ ክኸውን ይግባእ። ኣብ ዘይኣመንትሉ ነጥቢ ግና፡ ሓሳብትካ ከተፍስስን ክትካታዕን ግቡእካ ምዃኑ ኣይትዘንግዕ።

=> ምስ ኩሉ ተማሕዛያይ ኩን፦ ፍሕሹው ገጽ ምውናን ሓያሎ ኣፍ ኣራኽ ከተጥሪ እዩ ዝሕግዘካ። ሓያሎ ኣዕሩኽ ምጥራይ ድማ ኣብ ጸበቕትን ሕማቕትን ዝገፈሉ ሓያሎ ሰባት ትውንን ከም ዘለኻ ክትፈልጥ ኣሎካ። ምስኦም ተራኺብካ ብእተካይዶ ዝርርባት፡ ሰፊሕ ሓሳባትን ብቕዓትን ዘለዎ ኣእምሮ ክትውንን ትኽእል ኢኻ።



=> እዋናዊ ኩን፦ ቀጻሊ ማዕከናት ዜና ምክትታልን ጋዜጣታትን መጽሄታትን ምንባብን፡ ሓያል ፍልጠት ከተኻዕብትን መዛረቢ ዝኸውን ኣርእስቲ ክትረክብን የኽእለካ እዩ።

=> ልምምድ ምዘውታር፦ ማሕበራዊ ብቕዓት፡ ቀጻሊ ብእትካይዶ ልምምዳት እዩ ዝምዕበል። ማሕበራዊ ብቕዓትካ እትስማመደሉ ግዜ ይሃልኻ፡ ኩሉ ግዜ ምስ ሓዱሽ ሰብ ክትዛረቡ የብልካን፡ ምስቲ ኣቐዲምካ ዝተላለኻዮ ሰብ ጥቡቕ ዝምድናን ዕርክነትን ክሳብ ዘይመስረትካ፡ ሓዱሽ ሰብ ክትላለ የብልካን።

ምንጩ፦ Mental health and fitness

## መልእኽቲ ሚኒስትሪ ትምህርቲ

### ብምኽንያት 8 መስከረም ኣህጉራዊ መዓልቲ ምጥፋእ መሃይምነት

ኣህጉራዊ መዓልቲ ምጥፋእ መሃይምነት (Literacy)፡ ብዓለም ደረጃ ኣብ 8 መስከረም እተኽብር ዕለት እያ። ኣብ ሃገርና ኣብዚ ዓመትዚ፡ ንመበል 22 ግዜ ብዓለም ደረጃ ድማ ንመበል 58 ግዜ ትዝከር ኣላ። ምዝካር ናይ'ዛ ዕለት፡ ኣብ ትግበራ ንጥፈታት ምጥፋእ መሃይምነትን ዓረዐትን ብፍሉይ፡ ትምህርቲ ንዓበይቲ ድማ ብሓፈሻ ዝተረጋገጸ ኸኒጋስ ንምዕቃብ፡ ንዘይተማልኡ ዕማም ድማ ንኽተማልእ ንምዝኽኻርን መበጻዕና ንምሕዳስን ዝዓለመ እዩ።

ኣህጉራዊ መዓልቲ ምጥፋእ መሃይምነት ዓመት-2023 ብዓለም ደረጃ፡ "ደንፋዕ ምጥፋእ መሃይምነት ኣብ ምስግጋር ዝኣሰ ዓለም፡ ምህናጽ መሰረት ዝኣቐነ ሰላም ዝሰፈነን ሕብረተሰብ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ትዝከር ኣላ። እዚ መልእኽቲ እዚ፡ ብቑዑ ምዕሩይን ጽንባሪን መሰረተ ትምህርቲ ንኹሉ ኣብ ምርግጋጽ፡ ምጥፋእ መሃይምነት ጌና ልዑል ኣገዳስነት ከምዘለዎ ዘመልክት'ዩ። ሰፊሕ መረዳእታን ግንዛበን ኣብ ምስራጽን ምድራኽን፡ ኣገዳሲ መሰረት ንቐጻሊ ትምህርትን ዕበየትን ድማ እዩ። ብቐንዱ ድማ፡ ድኽነት ኣብ ምውጋድ፡ ማሕበራዊ ዕበየትን ምዕሩይ ተሳታፍነትን ኣብ ምርግጋጽ ኣገዳሲ ባእታ ንዘላቒ ምዕባለን መሰርሕ ዕምሪ ምሉእ ትምህርትን።

ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት፡ እዛ ዕለት ብቐጻሊ ክበዝሑን ክሰርሑሉምን ብዝኾኑ ኣገደስቲ ቴማታት ተሰንያ እያ ተዘኪራ ሓሊፋ። ኣብ ዓመት-2021 ዝነበረ ቴማ፡ "ምጥፋእ መሃይምነትን ንሰብ ዝማእከለ ሕውየትን፡ ምጽባብ ዲጂታዊ ፍልልይን" ዝብል ነይሩ። ብመራኸቢ ብዙሃንን ተክኖሎጂ ሓብሬታን ዝተደገፈ ትግበራ ምጥፋእ መሃይምነት ንምትእትታውን ንምስፋሕን - ዝድርኽ ኣገዳሲ መልእኽቲ ድማ እዩ ነይሩ። ናይ 2022 ቴማ ከኣ፡ "ለውጢ ኣብ መምሃሪ ማእከላት ምጥፋእ መሃይምነት" ዝብል ኮይኑ፡ መምሃሪ ቦታን ብቕዓት መሳለጥያታቱን ኣብ ውጽኢት ትምህርቲ ዘለዎ ኣበርክቶ ዘመልክት እዩ። ብሓፈሻኡ እዞም ቴማታት ኣገዳስነትን እዋናውነትን ብምኽንኖም፡ ምስ'ዚ ንሎሚ ዓመት ተመሪጹ ዘሎ ቴማ ብምትእስሳር ክንዝክሮምን ክንሰርሓሎምን ዝዀኡ ምኽኒት ሚኒስትሪ ትምህርቲ የዘኻኽር።

ካብ ዞባታትና ዝተረኽበ ስታቲስቲካዊ ሓበሬታ ከም ዘመልክቶ፡ ኣብ ናይ 2022-2023 ዓመት ትምህርቲ፡ ብጠቕላላ 38,969 ዓበይቲ ተመሃርቲ (90.5 ሚኢታዊት ደቂ-ኣንስትዮ)፡ ኣብ 1009 መምሃሪ ነቑጣታት ተመዝጊቦም፡ ትምህርቶም ክከታተሉ ክኢሎም። ኣስታት 70 ሚኢታዊት ካብኦም ዝተመዝገቡ ዝተመደበሎም ትምህርቲ ክዛዝሙ ምኽኣሎም ከኣ ዘተባብዕ እዩ። ይኹን'ምበር፡ እቲ ዝተኸሰተ ልዑል ምቁራጽን ትሑት ተሳታፍነት ደቂ-ተባዕትዮን ክፍተሽን ክመሓየሽን ዘለዎ ክስተት'ዩ። ብቐንዱ፡ እቲ ዝተኻየደ ንጥፈታት፡ ኣብቲ ዕድል ከይረኸበ ዝጸንሐ ከባቢታትን ክፋል ሕብረተሰብን ዘድሃበ ብምኳኑ ወጽኢታዊ እዩ።

እዚ ናይ'ቲ ካብ ዓመት 2015 ጀሚሩ፡ "ኣብ ከባቢና መሃይም ዓዲ ከይትህልወና ተዋሂደና ንስራሕ" ዝብል ቴማ ብምኽታል ዝተኻየደ ወሀድ ኸበጋሳዊ ንጥፈታት ወጽኢት እዩ። ሕጂ'ውን፡ ኣብቲ ጌና ዘየብጽሕናዮን ዕድል ትምህርቲ ዘይረኸበን ከባቢታት ብምድሃብ፡ ብቐጻሊ ክሰራሓሉን ክሕይልን ዘለዎ እዩ።

ኣቐርቦት መደብ ዓረዐት እውን (ካብ 9-14 ዝዕድመኦም ቁልዑ)፡ ምስ ብዙሕ ሕጽረታቱ፡ ወጽኢት ዝተረኽቦ መደብ እዩ። ካብ ዞባታት ዝተረኽበ ናይ 2023 ጸብጻብ ከም ዘመልክቶ፡ ኣብዚ መደብ'ዚ 22,656 ተመሃርቲ ተመዝጊቦም፡ 16,467 ድማ (72.7 ሚኢታዊት) ትምህርቶም ዛዚሞም ኣለዉ። ብመንጽር ጾታ ክረአ ከሎ፡ ተሳታፍነት ኣዋልድ 44.0 ሚኢታዊት እዩ። እዚ ትሕቲ ስለዘሎ፡ ዕቱብ ስራሕ ከምዝድሊ የመልክት። ካብኦም ትምህርቶም ዝዛዘሙ ብብቕዓት ሓሊፎም ዘለዉ ወሰናት ምኻኖም እውን፡ ሓያል ስራሕ ከምዝሓተትና ዝእምትን ዘዋቕሰናን'ዩ። ኣብ መደብ ምጥፋእ መሃይምነት ንዓበይቲ'ውን ተመሳሳሊ ኩነታት ኣሎ።

ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ኣብ ሃገርና፡ ካብ መኣዲ ትምህርቲ ወጻኢ ዘለዉ ቁልዑ ብዙሓት እዮም። ስለ'ዚ መደብ ዓረዐት፡ ኣብ ቀጻሊ ብጥበእን በቲ ትጸቢት ዝጠበረሉ ኣንብቦን ምእንቲ ክሰርሓሉ፡ ጨናፍር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባታት ዕቱብ ምክትታል ክገብሩሉ ይግባእ። ብዘይካ'ዚ ኣብ ሃገርና፡ ዝኾነ ናይ ትምህርቲ ዕድል ዘይረኸበ ኣብ ርሑቓን ዘይምቹእን ከባቢታት ዝተደኮና ብዙሓት ዓድታት ከምዘለዋ ዝፍለጥ'ዩ። ስለዚ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ከባቢታት፡ መደባት ምጥፋእ መሃይምነትን ዓረዐትን ተጠቒምና፡ ንዜጋታትና ካብ ተጽዕኖ ኣሉታዊ ጽልዋን ናይ ድኽነትን ድሕረትን ከምንዝናገሉ ምግባር ብዕቱብ ክንሰርሓሉ ዝግባእ ሃገራዊ ዕማም'ዩ።

እቲ ኣብ መዳይ ምጥፋእ መሃይምነት ክሳብ ሕጂ ዝተሰላሰለ ስራሓት ዝምስገን ይኹን እምበር፡ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ደገሲ መሃይምነት ከየጋጥም ስክፍታታት ኣሎ። ስለ'ዚ፡ ንምምጣኑ፡ ኩሉ ዝምልከቶ፡ ብፍላይ ከኣ ምምሕዳራት ከባቢ ምስ መሓውራቶም፡ ብወሃደት ክሰርሑ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ይጽውዕ። ሓደ ካብቲ ኣብዚ መዳይ'ዚ ብዕቱብ ክሰርሓሉ ዝግባእ ንጥፈታት፡ ኮማዊ ኣብያተ-ንባብ ብዝበለጸ ብምኽፋት፡ ናይ ንባብ ልምዲ ምኽሳኽ እዩ።

ብመሰረት፡ ድሌትን ተሳታፍነትን ዜጋታት ኣብ ምጥፋእ መሃይምነት ምምሕያሽ የርኢ ኣሎ። እቲ ዝዓበየ ብድሆና፡ ኣብ ወጽኢት ብቕዓት ትምህርቲ ዝረአ ዘሎ ድኻምነት እዩ። ነቲ ዕድል ከይረኸበ ዝጸንሐ ከባቢታት ዕድል ዝረኽበሉ ኩነታት እናፈጠርና፡ ብቕዓት ትምህርቲ ንምምሕያሽ ዘኽእል ስጉምቲታት ንምውሳድን ንምኽትታልን መበጸዕና ከሐድስ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ደጊሙ ይጽውዕ። ብሰንኪ መሃይምነት ዝድረት ዓቕሚ ይኹን ኣፍራይነት ዜጋታትና ነወግድ!!

**"ዕበየትን ብልጽግናን ብትምህርትን ስልጠናን"**

**ሰናይ ቅንያት ምጅማር ሓድሽ ዓመት-ትምህርቲ 2023-2024**

**ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ 8 መስከረም 2023**


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቁ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቁ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቁ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቁ.ስ 125013 - ቁ.ሳጶ. 1284

# ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## ካብ ጀዛን ክሳብ ዓረዛን ግዝግዛን

መበል 26ን ናይ መወዳእታን ክፋል

ኣብ ዓንቀጽ መበል 25 ክፋል ናይዚ ኣርእስቲ'ዚ፡ ኣብ ዕለት 21 ድሕሪ ቀትሪ ሓንቲ ኣንተኖቭ (ዓይነት ነፋሪት) ጸላኢ ኣብ ልዕሊ ሰማያት ርባ ሆኖ እናዘንበየት ኣብ መሬት ተዓጊቶም ምስ ዝተረፉ ጉጅለ ሩሲያውያን ምስ ዝበረ ተራኻብይ ራደዮ ርክቦት እናኣቶደት ከም ዝተሰምዐት፣ ንጸብሒቱ ንግሆ ድማ ካብ ክረምሊን ንዝቕለ ናይ ኣድሕን ፍሉይ ሓይሊ ዝሓዘ ኣርባዕተ ሄሊኮፕተራት ናብቲ ቦታ ከም ዝመጽኣ እንተኾነ ሓንቲ ካብኣተን ብፈኩስ ብረት ከም ዝተሃምሽሸት፣ ካብተን ዝተረፋ ሰለስተ ግን ኣብ መሬት ዓሊባ ትሸየት ሩሲያውያን ኣልዒላ ከም ዝተበጀጸት፣ ድሕሪ'ቲ ፍጻመ'ቲ ወጻኢ ጉዳይ ሚኒስተር ሕብረትሶቬት ካብቶም 13 ኣብቲ ግንባር ዝተሰለፉ መተሓናት ዜጋታቱ ሰለስተ ብህዝባዊ ግንባር ተማሪኾም፡ ሓደ ሞይቱ ካልኦት ግን ብሰላም ወጺኦም ክብል ንመጀመርታ ግዜ ከም ዝተኣመነ ኣዘንቲና ኔርና። መቐጸልታኡ እንሆ፦

ኣዛዚ ክፍለሰራዊት ስዒድ ፈረጅ፡ ሓይልታት ክፍለሰራዊት 52 ሐዘንአ ዝጸንሓ ከበባታት ብኻልኦት ሓይልታት ከም ዝተተክአ ኣብ ሰዓት 07:00 ናይ 22 መጋቢት ከምዚ ዝስዕብ ክብል ብራደዮ ርክብ መልእኽቲ ገበረ፤ "ቦታና ተኪኦምዎ ወጺእና ኣለና፣ ገለ ቦታታት ከም በዓል እንጃሓይ ግን ኣይመጽኡናን ዘለዉ፣ ብወገን ጸርግያ ድማ ጸላኢ ፈተነ ይገብር ኣሎ፣" ይብል።

ካብዚ መልእኽቲ እታ ናይ መወዳእታ ክፋል ሓበሬታ፡ ቀጥታ ምስ'ቲ ኣብቲ ዕለት'ቲ ኣብ ክሳድ ማስሓሊት ምስ ብርጌዳት ክፍለሰራዊት 61 ዘቖጸል ዝበረ ምርብራብ ዝተተሓሓዘ እዩ ነይሩ። ምኽንያቱ ኣብቲ ሰዓት'ቲ ጸርግያ ዓጽዩ ዝዋጋእ ዝበረ ኣሃዱ ንሱ እዩ። ጸላኢ፡ ካብ ዕለት 21 ጀሚሩ ጎቦ ኣሙላት ሶማኔናዊ ምዕራብ ክሳድ ማስሓሊት- ንምቁጽጻር ዘዩቋርጽ ምትህልላኽ የካይድ ነይሩ እዩ። ሰብ ውዕሎ'ውን ንማስዋእቲ ኣዛዚ ክፍለሰራዊት 61 ዓሊ. እብርሂም ምስ'ዛ ውግእዚኣ ምትሕሓዝ ከም ዝበሩ እዮም ዝገልጹ። ዝርዝር ናይ'ቲ ዛንታ ንመጽሓፍ ዝኸርታት ሓመድ ደብ ናደው "ዓሊ. እብርሂምን ግንባር ናቕፋን" ምውካስ ይካኣል።



ብሪጋደር ጀነራል ኣብርሃም ዓንደም (ዓፋን)

ኹና እዚ ዕለት'ዚ ከይተሰገረ ኸሎ፡ ኣብ ርግሆኖ እቲ ዝቖጸ ናይ ጸቕጥን ከበባን ቅንያት ብሓደሽ ምዕራፍ ይትካእ ነበረ። እተን ውግኣት ከወስዳ ካብ ኣፍዓበት ዝተላእካ ማካይን ምሸት ሰዓት ሽውዓተ ብሰላም ኣብቲ ዝደለ ቦታ ክበጽሓ ክኢለን እየን። ኣርባዕተ ኣራላትን ወታሃደራዊ ማካይን ምስ ሓንቲ ኤንትረ ርባ ተኸቲለን ኣብ ከባቢ መብጣሕቲ ኣሃዱ ሕክምና ክፍለሰራዊት 52 በጽሓ። እዘኣተን ንእግሪ መንገደን ካብ ኣፍዓበት ሰንቅን ጢያይትን ብምምላእ፡ ኣብ ምላሽን ድማ ኑየም ካብ ደጀን ተጻሊም ኣብ ውሽጢ ጸላኢ ዝቖጸ ውግኣት ናብ ኣፍዓበት ንምውሳድ ዕላማ ገይረን ዝተበገሳ ነበራ። እታ ዕለት'ቲኣ ብሰሕል ዝመጽኡን ኣብ ድሕሪ መስመር ዝጸንሑን ኣሃዱታት ውድብ ንምርኻብ ሓጺናዊ መጋረጃ ዝተሰብረላ ወቕቲ ብምንባራ ፍሉይ ትርጉም ነይሩዋ። ልክዕ ከም'ቲ ኣብ ኣጋ ምሸት ናይ 20 መጋቢት፡ ኣብ መንጎተን ብናቕፋ ዝመጽኣ ሓይልታትን ካብ ድሕሪ መስመር ጸላኢ ወሪደን ምስ ኣብ ክሳድ ማስሓሊት ዝጸንሓ ሓይልታት ዝተጀመረ ምርኻኻብ።

ክሳብ ዕለት 25 ኣብ ዝበረ ቅንያት፡ ሓይልታት ክፍለሰራዊት 52 ኣብ ጸዑቕ ቀሪም ተዋፈሩ። ከም ወጽኢቱ ድማ ብዙሓት ኣብ በረኻ ዝተበታተኑ መተሓናት ደርግ ተኣርዮም ተኣከቡ። ገለ ካብቶም ኣብ ከባቢ ሆኖ ዝተታሕዙ መተሓናት፣ ጴጥሮስ ዝተባህለ ምክትል ኣዛዚ ናይ መበል 29 ሚካናይዝድ ብርጌድ፣ ሓደ ሓላፊ ስለያ ናይ ክፍሊጦር፡ ከምኡ'ውን ናይ ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ሓላፊ ጉዳያት ፖለቲካ ኮሎኔል ኣፈወርቂ ዋሰ ተማረኹ።

ኮሎኔል ኣፈወርቂ ዋሰ፡ ሓደ ካብቶም ምስ ብርጋደር ጀነራል ወብቱ ጺጋዮ ካብ ኣስመራ ብሄሊኮፕተር ተላዒሎም ዕለት 18 ኣፍዓበት ዝበጠቡ እዮም። ካብ ኣፍዓበት ሃዲሞም ክወጽኡ ኸለዉ'ውን ክሳብ ቀልሃመት ምስ ወብቱ ብሓደ ተጓዒዞም እዮም። ካብኡ ንደሓር ግን ፋሕፋሕ ኮይኖም። ኣፈወርቂ ዋሰ ናብ ወገን ሆኖ ክጓዓዝ ከሎ። ወብቱ ጺጋዮ ግን ኣንስተይቲ ገመል ተወጢሑ ብርባ ዓውሰረይምን ደብረልጩይን ኣቢሉ ናብ ኣዝረቖት ተጸንበረ።

ኣብ ባህሊ ናይቲ ከባቢ፡ ኣንስተይቲ ገመል ምውጣሕ ነውሪ ስለ ዝኾኑ ንተጋዮር ወብቱ ከም ጭርቃን የልዕሉዎ እዮም። እቲ መድረኽ'ቲ ግን ንጀነራል ወብቱ ከምኡ ዝበለ ጸለምን ጸዕናን ከማርጽሉ ዘኽእል ህሞት ኣይፈጠረሉን። ህይወቱ ንምድሓን ወይ ድማ ኣብ ቅድሚ'ቲ ክመርሖ ዝጸንሐ ሰራዊቱ ምሩኽ ኮይኑ ካብ ሕፍረት ተኸዲኑ ከይተራእየ ክሰወር ነይሩዎ።

ሃዲሙ ናብ ከረን ድሕሪ ምእታዉ፡ ሽዑ ምስኡ ቅርበት ዝበርም ኣዕርኽቱ ኤርትራውያን ወተሃደራት ደርግ ኣዕለሉና ከም ዝበሉዎ፣ "ሳላ ፈተውተይ ነርቲ ኣፍዓበት ህይወተይ ድሒና እያ ወጺኣ" ኢሉ ተዛሪቡ። ብርጋደር ወብቱ ጺጋዮ ማለት፡ እዚ ሕጂ ኣብ ወጻኢ ሃገር ኣብ ሚድያ ቛንቋታት ኣምሓርኛ ቀሪቡ "ገዓና ሻዕብያ ኣይሰዓረናን፡ ጸገም ውሽጣዊ ምሕደራና እዩ ኣሰዒሩና … " ዝበል ዘሎ እዩ። ጸገም ምሕደራን ውሽጣዊ ሕንፍሽፍሽ እንታይ እዩ ጠንቁ? ሓይልን ስሊያን ሻዕብያ ዘኸተሎ ጸቕጠዶ ክኸውን ኣይክእልን? ዝበል ሓታቲ ግን ኣይረኸበን።

እቲ ብወገን ሆኖ ኣቢሉ ካብ ከበባ ተጋደልቲ ክወጽእ ዝፈተነ ኮሎኔል ኣፈወርቂ ዋሰ ብወገኑ፡ ብእግሩ ነዊሕ ተጓዒዙ ክሳብ ጎቦታት ኣግዋር በጺሑ ነይሩ እዩ። ካብኡ ንደሓር ግን ስለ ዝተዳኸመ ክቕጽል ኣይከኣለን። ራደዮ ኦፐረይተራት በጦሎኒ ኽልተ ፍሰሃዮ የማነን ያሲን ሳልሕን ብምኽንያት ስራሕ ናብቲ ብራኽ ጎቦ ምስ ተንቀሳቐሱ ኸኣ እቲ ኮሎኔል ኣብ ጉንዲ ዕረ ደቂሱ ረኸቡዎ። ኣካላቱ ቁሰሉ ብኸበድ ድኺሙ'ኳ ተሰኪፉ እንተ ነበረ፡ ካብ ትርኢቱ ጀሚርካ ክሳብ ዕጥቁ መተሓዝን በዓል ዓቢ. መዝኑትን ምፍላጡ ኣይሰሓተቶምን። ብመሰረት ሓበሬታ ናይዞም ክልተ ተጋደልቲ፡ ወዲ ረሺድ ብዝተባህለ ተጋዳላይ ትምሪሒ መስርዕ መጺኦ ደጊፉ ብምውሳድ፡ ቀጥታ ናብ ሓከም በጦሎኒ ኣስመላሽ ተወልደመድህን (ወዲ ኣርባዕተ) ኣብጽሕዎ። ኣብ ሕክምና በጦሎንን ክፍለሰራዊትን ምስ በጽሐ ኸኣ ኣድላዪ ሕክምናዊ ደገፍ ተገብረሉ።

ኮሎኔል፡ ኣብ ኢድ ተጋደልቲ ድሕሪ ምውዳቑ ብዝዕባ መዘኑቱ ቀልጢፉ ኣይተቓልዐን። ምስ'ቶም ኣቓዲሞም ተማሪኾም ኣብ እንዳ በጦሎኒ ዝጸንሑዎ ብጾቱ መተሓናት ድሕሪ ምርኻቡ እዩ ልክዕ መዘኑቱ ዝተፈልጠ። መራሕቲ በጦሎኒ 2-45 (ወዲ ኣመራኻን ወዲ ዑቕባዞግን) ነቲ ጥዑሚ ዝበሮ፡ ግን ከኣ ኣብ ውሽጢ ናይ ኣርባዕተ መዓልታት ሃልኪ ዝቖምሰለ ብተጋደልቲ ተሰኺዱ ናብኣቶም ዝመጽእ ዝበረ ሃዘራጥ ሰብኣይ ብትኹረት ኣማዕደዉዎ። ነቲ ኣቓዲሙ ተማሪኹ ኣብ ጎድኖም ኮፍ ኢሉ ዝበረ ጴጥሮስ -ምክትል ኣዛዚ መበል 29 ሚካናይዝድ ብርጌድ- "እዚ ዝመጽእ ዘሎ ሰብኣይከ እንታይ'ዩ ሓላፍነቱ?" ኢሎም ተወከሱዎ። ጴጥሮስ ድማ፡ "ኢ…! እዚ በዓል ዓቢ. መዘኑት እዩ" በሎም'ሞ፡ ምስ'ቲ ካልኣይ ምሩኽ (ናይ ክ/ጦር ስለያ ሓላፊ) ሓቢሮም ንኮሎኔል ኣፈወርቂ ካብ ምቕማጦም ሓፍ ኢሎም ተቐበሉዎ።


ሓይልታት ክፍለሰራዊት 52፡ ድሕሪ ምውዳእ ቀሪም እውን ከም ከሳተን ኣብቲ ግንባር ዝተሰለፋ ሓይልታት ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብቲ ብድሕሪኡ ክካየድ ዝተመደበ መጥቃዕቲ፡ -ናይ መጀመርታ ወርሒ ሚያዝያ- ንምስታፍ ናብ ምድላዋቱ ኣተዋ። እንተ ድኅብያ ክሳድ ማስሓሊት ግን፡ ጽርሒት ሓመድ ደብ ናደው ምልኣት ብዘሎብ ማስተንክራዊ ዓውት ኣመዝጊቡ ተደምደመ። ምኽንያቱ እቲ ካብ ኣፍዓበት ኣምሊጡ ናብ ከረን ንምእታው ዝተበገሰ ሎጂስቲክስ ናደው እዚ ብዘይካ ሓንቲ ታንኪ ከሉ ኣብ መንጎ ቀልሃመትን ክሳድ ማስሓሊትን ተሪፉ ንብረት ሰውራ ኾይኑ እዩ። ሰነዳት ህዝባዊ ግንባር ከም ዝምስክሩዎ፡ ኣብዚ ዝተጠቕሰ መስመር ጥራይ ዝወረደ ክሳራ ጸላኢ፣ ሽውዓተ በኤም-21፡ ክልተ ናይ 130 ሚሊ. ሜተር መድፍዕ፡ 63 ኣርፒጂ፡ 40 ናይ ጽዕነት ወተሃደራዊ ማካይን፡ 2793 ፈኩስ ብረት፡ 17 ራደዮታት ርክብ ተማረኹ። ሓንቲ ሄሊኮፕተር ተሃምሽሻ፡ 1267 ወተሃደራት ምሩኻት፡ 4661 ድማ ምውታት ኮይኖም እዮም።

ኣብ መወዳእታ፡ ንሓደጋኛነት ድኅብያ ክሳድ ማስሓሊት ኣመልኪቱ ብዝተዋህበ መልሲ ኣብለ ጽሑፈይ ክድምድም። ኣብ ሰነዳዊ ፊልም ክንፈ መጻወድያ፡ "ኣሸበሹብ መዓልታት ውግእ እንተተናወሐ'ሞ፡ ጸላኢ ድማ ልዕሊ ዓቕሚ ናይቲ ኣብ ክሳድ ማስሓሊት ዝዓጸወ ተጋዳላይ ሰራዊትን ኣጽዋርን ብኸረን ኣሰሊፉ እንተሰንጢቑ፡ ዕጫ ናይቲ ኣብ መንጎ ክልተ ሓዊ ዝጥበስ ዘሎ ተጋዳላይ እንታይ ምኾነ?" ንዝበል ሕቶ፡ ብርጋደር ጀነራል ኣብርሃም ዓንደም (ዓፋን)፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ግዝያዊ ኮሚሳር ክፍለሰራዊት ዝነበረ ዝስዕብ ምላሽ ሂቡሉ፤

"ዝኸፍ ብድሆ እዩ! ክሳብ ምድምሳስ ክ/ሰራዊት 52 'ውን ከጋጥም ይኽእል ነይሩ እዩ። እንተኾነ እቲ ዝኸፈል መስዋእቲ ኸሉ ንምዕዋት ውድብናን ሃገርናን ክሳብ ዝኸውን፣ ብመሰረቱ እዚ ናደው ተደምሲሱ ማለት ከኣ ናጽነት ዘቀላጥፍ ናይ መቐይሮ ስጉምቲ ማለት ስለ ዝኾነ ንሕና ምስኡ እንተ ተደምሲስና ሓላል'ዩ!" በሉ።

ሓበሬታ - መሰረት ናይዚ ዛንታ'ዚ፡ ቅድሚ 20 ዓመት ብቓለመሕትት ንዘጠርናፍኩዎ ሰፊሕ ዝኽርታት ሰብ ውዕሎ ተጋደልቲ ክ/ሰራዊት 52 ናይ ካልኦትን ምስ'ቲ ዘሎ ድሩት ናይ ገጽ ርእሰይ ተዘክሮ ብምውህሃድ ዘቕረብኩዎ ዛንታ ምዃኑ ንኽበር ኣንባቢ እሕብር። ንኸሎም ዝኽርታቶምን ሰነዳቶምን ዘካፈሉ ግዱሳት'ውን ኣመስግኖም።

ጸሓፊ ዛንታ ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል



ደራሲን ተመራማሪ ታሪኽን እንግሊዛዊ ባሲል ዳቪድሰን

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ካብ ዞባታት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ (ቀጥታ) |
| 15:30 | ቀስተ ድሕነት |
| 16:00 | ሞዛይክ 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ሞዛይክ 2ይ ክፋል |
| 19:30 | እትመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ገልብ ድሓን |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | በርህ በዓል ርስቲ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ደርፊ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳ ገዛማ |

# ሕብራዊት ብርዒ


ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ቈይቖ - ኣብ መንጎ ሰብኣይን ሰበይትን

ኣብ መንጎ በዓልቤትን በዓልተ-ቤትን ኣብ ዝኸውን ኢጋጣሚ ምቍያቑ ኪጋጥም ንቡር እዩ። ቡቲ ዝሓለፈ ኣብ ዝሰሉ - ሰብኣይን ሰበይትን ናብ ዝኸውን ምብጻሕ ብሓደ ክቡዓዙ እንከለው፡ ሰብኣይ ምስ ዝሀውኻ - ሰበይቲ "ስለምንታይ ኢና ኩሉ ግዜ ተቡተብ እንብል፡ ህድእ ኢልና ክንዘዓዝ ኣይንኽእልን ዲና. . .? ብምባል ክተዘራርር ትኽእል። እቲ ሰብኣይ ንዘረባ ሰበይቱ - "ንህወኸሉ ምኽንያት የብልናን፡ ንሸካ ንዓይ ክተሐጉሰኒ ኣይትኽእልን ኢኺ፡ ክትቅየር እትኽእል ሰብ'ውን ኣይኮንክን። እዚ ከኣ ስለ ዘይትግደሰለይ ጥራይ እዩ።" ብዝብል ቃና ክርድኦን ክትርጉሞን ይኽእል'ዩ። "እንታይ ጸገም እሞ ኣሎ - ኩሉ ግዜ እውን'ኮ ከም'ዚ ኢና ንጓዓዝ ወይ ካብዚ ንላዕሊ። ስለዚስ ከመይ ኢልና ክንጓዓዝ ኢኺ ትደልዪ? ደሓር ከኣ ብዙሕ ኣይተዛወርናን፡ ብማእከላይ ፍጥነት ኢና እንጓዓዝ ዘሎና።" ክብል ይምልሰላ። ንሳ ብጊደኣ ንመግለጺኡ - "ክትቅየር ኣይትኽእልን ኢኺ። ሰቕ ኢልኪ ምጊን ኣይትብሊ። ብዘለኪ ዓቕሚ ክትዓግቢ ኣሎኪ። እቲ ቈይቖ ኣመል ደዩ ኾይኑኪ? ብዝብል ትርጉም ትርድኦ ትኸውን። ኣብ ከምዚ ኩሉ ግዜ እታ ሰበይቲ - "ምህዋኽና እኳ ኣድላዪ እንተኾነ ኣነ ግን ኣይፈተኽዎን። ዝሓወይ ህድእ ኢልና ክንጓዓዝ እንከለና እዩ ደስ ዝበለኒ። ኣብ መጻኢ ኣቐድም ኣቢልና ብምብጋስ ተዛዚና ክንጓዓዝ ደስ ምበለኒ። ኢላ እንተትምልስ እቲ ሰብኣይ ነይሩ - "ኣነ እውን እኮ ኣይፈተኽዎን። ሓቅኺ ኢኺ. ኣካይዳ ጽሉላት ኢና ንኸይድ ዘሎና። ግን ከኣ ቀሩብ ደንጒና ኣሎና" ብምባል ምስ ሓሳብ ምስመረ'ሞ ቈይቖ ኣይምተፈጥረን።



## ፓውሎ ኩልዮ



ሱጣባብ ኣብ ህይወት ኣዝዩ ዓቢ ተራ ከም ዝጻወት ካብ ዘርኣዩ ሱጣባበኛታት ዓለምና ሓደ እዩ። ብጽሒፋቱ ኣቢሉ ኣብ ልቢ ኣሽሓት ክበጽሕ ክኢሉ'ዩ ሱጣባበኛ ፓውሎ ኩልዮ። ፓውሎ ኩልዮ ብ24 ነሓሰ 1947 ኣብ ሪዮ ዲ ጀነሮ - ብራዚል ተወልደ። ኣብ ፈለማ ናይ ኩትትና ዓመታቱ ድሙ፡ ጸሓፊ ናይ ምዃን ድሌት ሓደሮ። ኣብ ውሽጡ ንዘዞዓቕረ ባህጊ-ምጽሓፍ ክሰዕቦ ምስ ኾቐለ፡ ወለዱ ብትሪ ተቓወምዎ። ኩልዮ ግና ተስፋ ኣይቆረጸን። ከም ባህታኡ ክኩብር ክገድፍዎ ደጋጊሙ ተማሕጸኖም። ኣቡቲ እዋን ኩልዮ ዝኩበረሉ ዝበረ ሕብረተሰብ፡ ዕዮ ምጽሓፍ ከም ትርጉም ኣልቦ ዕዮ'ዩ ዝሕሰብ ዝበረ። ኣቦ ኩልዮ መሃንደስ ብምንባሩ፡ ኩልዮ ጸሓፊ ንምዃን ዝኑበሮ ዝበረ ቃልሲ ተወሳኺ ብድሆ ኩኖ። ወደምኒ ካብ ናይ ምጽሓፍ ዝንባለ ተኣልዩ፡ ኣብ ዓውዲ ምህንድስና፡ ሱ-ፍልጠት ወይ ዓውዲ ሕጊ ክዋሪር ይደልዩ ዝበሎ ወለዱ፡ ኩልዮ ምስ ሱ-ፍልጠትን ካልእ ምህሮን ምእንቲ ክላለ ዝከኣሎም ጸዓሩ። ንሱ ግን ምስ ኣብ ውሽጡ ዝበረ ሕልሚ እንተዘይኮይኑ ምስ ካልእ ክመሓዞ ኣይተራእየን። ተዛራቢኡ ዘይኸውን ምዃኑ ዝቐበሉ ወለዱ፡ ብመንገዲ ሕክምና ፍታሕ ኣናደዩ። በዚ መሰረት፡ ኩልዮ ኣብ መበል 16 ዓመቱ ኣብ ትካል ሕክምና ሱ-ኣእምሮ ክዕቑብ ተገደደ። ክሳብ ወዲ 20 ዓመት ዝኸውን ከኣ፡ ምዕዶን ምኽርን እናተዋህቦ ኣቡኡ ጸንሐ። ኩልዮ ብዛዕባ'ቲ ዝበሮ ትካል ሱ-ኣእምሮ ክዛረብ እንከሎ፡ 'ዋላ'ኳ ጓዚ ዘየዓበሉ ምዃኑ እንተዘይከሓደ፡ ወለዱ ንሰናዩ ሓሲቦም ከም ዝዘበርዎ ግና ይኣምን። ድሕሪ ገለ ኣዋርሕ ኩልዮ፡ ባህግታት ልቡ ኣወዚፉ ከም ድላይ ወለዱ ሱ-ሕጊ ክጸንዕ ጀመረ።

ሓደ ዓመት ጥራይ ምስ ተማህረ ግና፡ ትምህርቲ ሕጊ ኣሰልከዩ። ብዚይ ኣፍልጦ ወለዱ ከኣ ዓለም ንምዃር ተበገሰ። ካብ ደቡብ ኣመሪካ ኾይሉ፡ መክሲኮ፡ ሰሜን ኣፍሪቃን ሃገራት ኤውሮጳን በጽሐ። ሓሳብ ልቡ ምስ ፈጸመ፡ ናብ ብራዚል ተመልሰ። ሽዑ ካብ ቀይዲ ወለዱ ወጺኡ ብምንባሩ ገዛእ ዘረኽቦ ዕዮ ክደሊ ግድን ኩኖ። በዚ ምኽንያት፡ ንደርፊ ዝኸውን ግጥምታት ክጽሕፍ ጀመረ። ኣብ ብራዚል ኣብቲ እዋን ህቡባት ንዝበሩ ደረፍቲ ድሙ፡ ግጥምታት ጸሓፈሎም።

ንሱ ልብወለዳዊ ጽሑፋቱ ቅድሚ ምጅማሩ ካብ ንደርፊ ዝኸውን ግጥምታት ሓሊፉ፡ ከም ተዋሳኣይ ፊልም፡ ጋዜጠኛን ኣላዪ ትያትርን ኮይኑ'ውን ዓይዩ እዩ።

ብ9 ግንቦት 2006 ካብ ፕረዚደንት ብራዚል ናይ ክብሪ ስልማት ዝተቐበለ ኩልዮ፡ ብደረጃ ዓለም ዝፍ ዝኾነ ክብርን ኣጥርዩ እዩ።

ኣብ 1982 ፓውሎ ኩልዮ 'ሄል ኣርካይቭስ' ዝሰመያ ቀዳመይቲ መጽሓፉ ኣሕተመ። ሄል ኣርካይቭስ ግን፡ ኣብ ህዝቢ ተቐባልነት ክትረክብ ኣይከኣለትን። ድሕሪ ኣርባዕተ ዓመት 'ፕራክቲካል ማንዋል ኦፍ ቫምፓየሪዝም' ዝብል ኣርእስቲ ዝሰመያ ካልኣይቲ መጽሓፉ ኣሕተመ። ፕራክቲካል ማንዋል እውን ካብ ናይ ሄል ኣርካይቭስ ብዝበኣሰ መልክዕ ዘንብባ ሰኣነት። ኣብታ ዓመት ሳልሰይቲ መጽሓፉ 'ዝ ፒልግሪመጅ' ድሕሪ ምጽሓፉ፡ ሕሰር ሓሳባት ዝሓዘት መጽሓፍ ብምባል ን'ፕራክቲካል ማንዋል' ካብ ክቡሕታት ክኣልያ ተጋደየ።

ኣብ ዝቐጸለት ዓመት ኩልዮ 'ዝ ኣልከሚስት' ጸሓፈ። 'ዝ ኣልከሚስት' ኣብ ብራዚል ዝበዝሐ ሽያጥ ረኸበት። ኣብ ታሪኽ ዝበዝሐ ቅድሓት ካብ ዝተሸጣ መጽሓፍቲ ሓንቲ ብምዃን ክብረ ወሰን ሓዘት።

ድሕሪ 'ዝ ኣልከሚስት' ኩልዮ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ሓንቲ መጽሓፍ ናይ ምጽሓፍ ልምዲ ኣጥረየ። ከም ልብወለዳውያን፡ መጻናዕታዊ ጽሑፋት፡ ንጉዳይ ህይወቱ ኣመልኪቱ ዝጸሓፈን ጽሑፋትን ካልእ ብርክት ዝበለ ስራሕን ክሰርሕ ክኣለ፡ ንኣብነት 'ዝ ፒልግሪመጅ'፡ 'ዝ ደቨል ኤንድ ሚስ ፕሪም'፡ 'ኢለቨን ሚኒትስ' ካልኦትን።

## ብዛዕባ ሓይሊ ስቕታ

ስቕታ፡ ኣብ ህይወትና ክዘውትር ዘለና ኣገዳሲ ባህሪ እዩ። ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታት ህይወት ዓቢ ጽልዋ ኣለዎ።

ስቕታ፡ ዘረባ ኣገዳሲ. ኣብ ዘይኮነሉ ግዜ ካብ ሱ-ኣእምሮኣዊ ነውጽን ዘይምቹእ ስምዒትን ወጺእካ፡ ዝያዳ ዕላማ ዘለዎ ምንባር ንኽትነብር ዓቢ ተራ ይጻወት። ስቕታ ዝሓሸ ሱ-ኣእምሮኣዊ፡ ንጹርነት፡ ንቕሓት፡ ርህራሀ ሓያል ናይ ውሳኔ ክእለት ከምዝዕብልን ህይወትና ከመሓይሽን የኽእለና። ጉዳያት ብስቕታ ምሕላፍ፡ ካብ ተራ ቃላት ወጺእካ ቁምነገር ሓዚሉ ቃላት ንኽትዛረብ ይሕግዘካ። ንኹነታትካ ብህድኣት ክትፍትሽ፡ ብውሑዱ እንታይን ብኸመይን ዝበሉ ሕቶታት ንኽትምልሶም ይድግፈካ። ሓሲብካ ምዝራብ ሓደ ጸቡቕ ልምዲ እዩ። ካብ ዘየድሊ ዘረባ፡ ሳዕቤኑን ናጻ ንኽትከውን የኽእለካ። ብዓበኡ ቅድሚ ምዝራብካ ምሕሳብ፡ ምስ ካልኦት ሰባት ዘለካ ዝምድና ብኣሉታ ንኸይጸሉዎ፡ ኣብ ልዕሊኦም ሕማቕ ስእሊ ንኸይትሕድርን - ሓጊዚ እዩ።

ቃላትካ፡ ክሳብ ንኻልኦት ሰባት ኣይጎድኡን እየም ኢልካ እትኣምኖም ሰቕ ምባል ተመሪጺ እዩ።

ቃላት ዝሓዩሉ ጠበንጃ እየም። ንኻልኦት ሰባት እንተስ ብኣሉታ ወይ ብእወታ ክትጸልወሎም ዘኽእሉ መሳርሒ እየም። "ንመልሓስካ ልክዕ ከም'ቲ ንወርቂን ንብሩርን ገይርካ ሓልዋ" ብምባል'ዩ ኣቢ ታሊብ ዝገለጾ።

ብዙሓት ሰባት ንስቕታ ከም'ቲ ዝድለ ስለዘይመልከዎ፡ ንዘረባት ከይሓሰቡ ክዛረቡሎም ስለዝምቲ ክወስዱ ደርኣዩ እየም። ብስቕታ ኣብልካ ነቲ ኣብ ውሽጦኻ ዘሎ ፍረ ህድኣት ክትማዝኖ ምኽኣል ኣገዳሲ እዩ። ሰቕ ምባል ንቕሓት'ዩ ንፉዕ ሰሚዒ ምዃን ከኣ ጥበብ እዩ። "ዘረባ ብሩር ስቕታ ድማ ወርቂ" ብምባል እዩ ዊንስተን ቸርቺል ዝገለጾ። ኣብቲ ብልክዕ ስቕታ ዘድልየሉ ግዜ ካብ ተሃዊኽካ ምዝራብ፡ ነቲ ዝበሃል ዘሎ ዘረባ ብጥንቃቐ ኣስተብሂልካ ግብረ መልሲ ምሃብ ወይ ስቕታ ምዝውታር ወርቂ ምዃኑ'ዩ። ስለ ዝኸውን ከኣ ብዙሓት ዕውታት ሰባት እዚ ጥበብ ክዘውትርዎ ደርኣዩ። ስቕታ ኣብ ልክዕ ግዜን ቦታን ምስ እተተግብሮ፡ ኣብ ህይወትካ እወታዊ ጽልዋ'ዩ ዘለዎ።

ገለ ካብኣቶም ንምጥቃስ- ጸቕጢ ደም የጉድል፡ ትኹረትካ የመሓይሽ፡ ጥዕና የጉድለልካ፡ ሰሚዕካ ይዓቢ፡ ርክብ ኣብ መንጎ እንሓስቦን እንዛረቦን ዝያዳ ከፀምቖ ይሕግዘና። ኣስፈሒካ ከም ትሓስብ ይዝበርኣ፡ ምምሕያሽ ድቃስ ምስኣንን ካልኦትን ኣገደስቲ ረብሓታት ኣለዎ። ብስቕታ ኣቢሉ ውሽጣዊ ትኹረትካ እናዓበየ ምስ ዝኸይድ፡ ሓቀኛ መንነትካ ንምርካብ ኣይትጽገምን። ምኽንያቱ ሰቕ ክንብል እንከለና፡ ብውሽጥና ኣዕሚቕና ክንጥምቶን ክንዛረብን ንኽእል። ስቕታ ካብ ምዝራብ ንላዕሊ'ዩ ሓይሊ ዘለዎ።

ብሕጽር ዝበለ፡ ስቕታ ካብ ጫውጫው ኣርሒቑ ናብ ውሽጣዊ ዕረፍትን ንጹርነትን ንምምላስ ይሕግዘና። ንብዙሓት ንኻልኦት ሰባትን ከኣ ዝሓሸ ሰብ ትኸውን። ብኡ መገዲ ከኣ ሓይሊ፡ ርእሰምትእምማን ክትረክብ ይከኣል። ንስቕታ ከመይ ኣብልካ ትለማመዶ? ከም ባህሪ ዝኾነ ነገር ኣብ ሓጺር ግዜ ብሓንሳብ ክትካእሎ ቀሊል ዘይኮነ'ውን ይኽእል እዩ። ቀስ ብቐስ ግን ዘይከኣል ነገር የለን። ንገለ ካልኢታት ሰቕ ብምባል ጀምሮ'ሞ ምስ ግዜ ሰቕ ክትብል ብዙሕ ኣይክትሸገርን ኢኻ። ኣቡቲ ናይ ፈለማ ግዜ ምስ ኣጸቢቕካ እትፈልጦም ሰባት ፈትኖ'ሞ፡ ምስ ግዜ እናመላኸዮ ክትከይድ ኢኻ። ገለ ናይ ሱ-ልቦና ክኢላታት ከም ዝጠቕስዎ፡ ሰቕ ዝበሉ ሰባት ከም ባህሪ ካብ ምስ ካልኦት ዝያዳ ምስ ውሽጦም እዮም ነበስ ዝርርብ ዘካይዱ። ኣብ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ኣብ ስራሕ፡ ትምህርቲ ዕውታት ኩይኖም ክወጹ ደርኣዩ። ኣብ ዝተፈላለዩ ኢጋጣሚ ተሃዊኽና ዝተዛረብናዮ ዘረባ ድሒሩ ዘጣዓሰና ኣሎዶ?



## መምርሒታት ትምህርቲ ማእከላይ ደረጃ ኣብ ጃፓን

ስርዓተ-ትምህርቲ ጃፓን ኣብ ዓለም ካብ'ቶም ዝበለጹ ተባሂሉ ዝጥቀሱ ሓደ እዩ። ኣብ ግብራዊ ትምህርትን ኣብ ሞራላውን ሱ-ምግባራውን ክብርታትን ምሽሻልን እዩ ዝኣምን።

- ዝኾነ ተመሃራይ ንጸጉሪ ርእሱ ቀለም ክጡበረሉ ብፍጹም ኣይፍቀድን።
- ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ጸጉሪ ርእሰን ዝኾነ ዓይነት መጋጸ. ክጡበራ ፍቑድ ኣይኮነን።
- ዩኒፎርም ተመሃራይ ብዓበእ ዝተኣሰረን ጸጉሩ ብዓቕሙ ዝተሰርሐን ክኸውን ኣለዎ።
- ኣብ ክፍሊ ስልኪ ምሓዝ ክልኩል እዩ። ኣብ ግዜ ሰዓት ሓፍ ኣቢሎም ክምልሱ ኣለዎም።
- ድሕሪ ትምህርቲ (ፋዱስ) ገዛኦም ከይኣተዉ ናብ ዝኾነ ከላግስ ሕጊ ናይቲ ቤት-ትምህርቲ ኣይፈቅድን። ናብ ዝኾነ ከላግሱ እንተኾይኖም ኣቐዲሞም ንስድራ ቤቶም ሓብሮም ክጸንሑ ኣለዎም። ንስድራኦም ሓብሮም'ውን ቤት ትምህርቲ እንተዘይ ኣፍቂዱሎም ፈትዮም ጸሊኦም ናብቲ ዝደለይዎ ኣይኣልዩን።
- ብፈተናታትዮም ኣብ ክፍሊ ብዝኣተፍዎን ጸቡቕ ባህርያቶምን ኣቢሎም ነጥቢ ይረኽቡ።
- ኣብ ግዜ ዕረፍቲ ነፍሲ-ወከፍ መዓልቲ ዝተፈላለየ መግቢ ይቐርበሎም። ጸብ ግን መዓልታዊ ግዴታ እዩ።

ኣብ ሃገርና ምስ እንመጽእ፡ ወርሒ መስከረም፡ ተመሃራይ ካብቲ ስሩዕ ትምህርቲ ኣዕሪፉ ጸኒሑ ትምህርቲ ንምጅማር ብህንጡይነት ዝጸበዮ ወርሒ እዩ። ርሑስ ምጅማር ዓመተ-ትምህርቲ 2023-2024 ይግበረልኩም።



## ጥቕሲታት ሕብራዊት ብርዒ

- "ቁጽሲ ፍቕራት ከም ህቡብ ሓጋይ እዩ፡ ኩሉ ምስ ሓለፈ ዝያዳ ይጽብቑ።" - **ማያም ሄር**
- "ወዲ ሰብ ንዓለም ክልውጥ እንተኾይኑ ፈለማ ነብሱ ክልውጥ ክኽእል ኣለዎ።" - **ሶቅራጥስ**
- "ሽግር ምእንቲ ከይገጥመካ ብእትፈጥሮ ፍርሒ ዝያዳ ከምእትሸገር ንልብኻ ንገሮ፣ ምኽንያቱ ሕልማ ንምንዳይ ዝወፈረት ልቢ ክትሸገር ተራእያ ኣይትፈልጥን።" - **ፓውሎ ኩልዮ**
- "ኩሉ እትብሎ ሓቂ ክኸውን ኣለዎ። ኩሉ ሓቂ ግን ትዛረቦ ማለት ኣይኮነን።" - **ቮልታየር።**
- "ክፉኣት ዝጀምረሉ ግዜ ንሰባት ከም ንገራት ክትሕዞም ምስ ጀመርካ እዩ።" - **ቴሪ ፕራቸት**
- "እንታይ ከም እትምገብ ንገረኒ መን ምዃንካ ክነግረካ።"- **ዘይተፈልጠ**
- "ኣብ መንጎ ዕሸትን ብልሕን ዘሎ ፍልልዩ፡ ብልሒ ደረት ስለ ዘለዎ እዩ።" - **ኣልበርት ኣንስታይን**
- "እቲ ክትዛየሉ እትኽእል ግዜ ንምዝናይ ግዜ ኣብ ዘይብልካ እዋን እዩ።" - **ሰድኒ ጀይ ሃሪስ**
- "ምኽንያት ጭንቀት፡ ብዛዕባ መጻኢ ብምሕሳብ ዘይኮነስ ንመጻኢ ክትቈጻጸሮ ካብ ምድላይ እዩ ዝብገስ።" - **ዘይተፈልጠ**

# ወዘተረፈ

መም/ዮናስ ሃብተ

## ከም ብ'ዋዛ

ሓደ ካልኩሌተር (ቀማሪት/መቐመሪት) ዝደለየ ሰብኣይ፡ በትመሸጣ ናውቲ ጽሕፈት (ስተሽነሪ) መሲልዎ - ናብ እንዳ ደኳን ኣትዩ። "ናይ ጁባ ካልኩሌተርዶ ኣለኩም?" ኢሉ ድማ ሓቲተ'ሞ፡ የብልናን ተመሊሱሉ ወጺኡ።

ኣብ'ቲ ደኳኑ ምስ'ቶም በዓል ደኳን ኣቦሓጎኡ ዘዕልል ዝነበረ ራብዓይ ክፍሊ ዝመሃር ቁልዑ "ኣቦሓጎይ፡ እዚ ሰብኣይ፡ ክንደይ ጁባታት ከም ዘለዎ ምፍቃድ ስኢኑዎ ደዩ ናይ ጁባ ካልኩሌተር ደልዩ?" ኢሉ እናተገረመ ሓተተ።

= = =

ክንደይ ጁባታት ከም ዘለዎ ዝጠፍኦ ሰብ እኳ ኣሎ እንተዘይተባህለ፡ እንታይ ዓይነት ስራሕ ከም ዘለዎ ዘዘንግዕ ሰብ ግን ብዙሕ እዩ። ዓይነትን ባህርን ስራሑ ስለዘዘንግዕ ድማ፡ እንተስ ብንዋታዊ ቀረብ ወይ ብኣእምሮኣዊ ቀረብ ከይተዳለው፡ ናብ ስራሑ ኣትዩ ዝዓበኦ ናይ ስራሕ ኣገልግሎት ከይዝዘ፡ ንኡብሱን ኣገልግሎቱ ንዘጸበዩ ሰባትን ኩብድል ይውዕል።

ሓደ ግዜ ኣጋ ምሸት ምስ ወዲ-ዓድየ፡ ንዘውትና ገጽና እናኸድና እንከለና፡ ኣብ ከባቢ ሓደሽ ዓዲ፡ ሰላም ክንብሎ ናብ ሓደ ክልቴና እንፈልጦ በዓል ደኳን ኣላገስና። ኑቲ 'ሻሕ ሻሕ' ዝብል ብፎጭፍላቕ ባሊቃታት ዝተሰርሐ ዘፈርፈር ናይ'ቲ ኣፍ-ደገ ክፍት ኣብልና ኣቲና። ኣብ'ቲ ብሪወርወ ዝብል ከበሐ ናይ'ቲ ደኳኑ፡ ብዘይካ ጥርሑ ጥቃታት ናይ ኦሞ፡ ደርና ዝተዓበጠ ገለ ሓሙሽተ ዝኸውን ባዶ ጠራሙስ ናይ ዘይ'ቲ ርእሲ፡ ክልተ ጠራሙስ ናይ ኣረቂን - ካልእ ደኳን ኩብል ዝኽእል ኣይዝበረን።

ወዲ-ዓድየ፡ "ኣጦካ ክገድፋልካ እኽለዉ ናይ ፍርቂ ምልዮን ዝኸውን ኣስቤዛ ዝበራ ደኳንስ፡ ካን ሓንቲ ጥቦ ሽጋራን ክልተ ሳሙናን ኣርባዕተ ሶፍትን፡ ኩሉ-ኹሉ ናይ 35 ናቕፋ ዘይኣኽላ ንብረት ጥራሕ ሒዛ ከም እትተርፍ ገይርካያ!" ኢልዎ በቲ ተፈታዊ ተዋዛያይ ላህጃኡ።

"ኢታ እንታይ ኢና ገይርናካ ዘይትምሕረና!" እናሰሓቐ መለሰሉ።

"ስጋደይ መዓረይ'የ ዝበልካ . . (ንዓይ እዩ) ካብ ከመይ ዝበለት ደኳን እንዳዋይ ባህታ፡ ልክዕ ከም'ታ ኣብ'ቲ . . . ዘሎ 'ደኳን እንዳ ክፍሊ ሓብሬታ' ቀይርዋ" ኢሉኒ።

"እቶም ዋና እታ 'እንዳ ክፍሊ ሓብሬታ' ዝኾንኣ ደኳኑ ሓደ ነገር እንተ ሓቲትካዮም፡ ዘይብሎም ከለዉ "እታ ከም'ዚ ዝበለት ድያ?" ኢሎም ምሽ ይሓቱኻ? ንሸኻ ዘለዎም መሲሉካ - "እወ ከም'ኣ እያ ደልየ፡ ከም'ኣ ሃቡኒ።" እንተ ኢልካዮም'ከ? "ንሳ'ኳ ኣነ የብለይን እንድዩ፡ ግን ኣብዮ ትረኽብ መሲሉካ...!" እናበሉ፤ እቲ ዝደለኻዮ ኣስቤዛ ዝርከበሉ ቦታ ስለዘሕብሩኻ እዮ፡ ወዲ-ዓድየ፡ ነታ ደኳን 'እንዳ ክፍሊ ሓብሬታ' ዝብል ሳን ኣወጺኡላ።

ወዲ-ዓድየ ብዘዘበ. ሓብሬታ ተበጊሱ፡ ሓደ ግዜ ኮሳ ኣለ ነታ ደኳን ክርኢ ናብ ደኳን 'እንዳ ክፍሊ ሓብሬታ' ከይደ ነይረ። ናይ እንዳ ኮካ መኪና መጺኦም

## በዓል ድኳን እንተኾይንካ. . .

ለስላሳ ኣራጊፎም ኣብ ምውዳእም እዮ ኣርኪቢዮም።

"ኣብዚኣ ኮይኑ ዝሰትያ ኮካ'ዶ ክትህበኒ ኣቦ?" ኢለዮም ከም'ዛ ልስሉስ መስተ ክሰቲ ዝኣተኹ መሲለ - ካሴታ ስሓብ ኮፍ እናበልኩ።

ፈለማ 'የለን!' ኢሎምኒ ነይሮም። ሓር ግን 'እናረኣዩዶ...' ኢሎም ተሰኪፎም እዮም ዝመስሉ ሂቦምኒ።

ምስ ሓደ ማዛናኦም ኣብሎም ዝኾኑ ኣብ ቅድሚ'ቲ ባንኮ ደው ኢሎም ዝበሩ ሸማግሌ ዳርጋ ከም'ዚ ናብ ቆየቛ ገጹ ዝኸደ ዕላል ሒዞም ነይሮም።

እናተመላለሱ ንኹላ'ዛ ደኳን ኣግዚዘ ይሓድርዋ።"


ኣብ መንጎ ዘረባኦም ሓንቲ ዓዳጊት ኣትያ። "ፓስታ ኣሎዶ!?" ኢላ ሓቲታ። ክዘረቡ ክብሉ ኣይሰምዕዋን።

"ፓስታ ኣሎ'ዶ!?"

"ክንደይ ግዜ ዲና በሶጣ የብልናን ክንብለኪ. ደሊኺ. ኣቲ እምቤትና!? በሶጣ የብልናን እኮ ኢልናኪ. ኢና!"

"በሶጣ ኣይኮንኩን ዝበልኩም ዘለኹ፡ ፓስታ እየ ደልየ።"

"እ! ፓስታ ዲኺ. ትብሊ ዘለኺ.? ፓስታ ስፓጌቲ ዋላ ፓስታ ማኮሮኒ!?



"በል ኣነ ዝበልካ ዘለኹ ድማ፡ መዋእለይ እንደየ ደኳን ሒዙ ፍጥር ኩብል ዘረባ ዘብዝሕ ዓገኒ ኣይፈቱን እዩ። እንታይ ደኣ - 'ክሰታይ ኣሎዶ?'

-እወ!

-ክንደይ እዩ?

-ክንደዚ!

-ሃባ!

-እንቋዕ፡ በቃ፡ ምሽ ኣሎ፡ ደው-ደው፡ ኳትሮ! ኳትሮ-ኳትሮ፡ ኦቶ! ሓጺር ዘረባ፡ እዚ ክቋየቕ ዝጸናሕኩ ወዲ፡ ሕጂ ኣብ ምንታይ ደዩ ኣሕሪቚኒ መሲሉካ?"

"ናዓኻ ዘሕረቕካዶ? እቲው ምስ በለ ምሽ ቀሊሕ ምሊሕ ኢሉ ሓቀይ? ንሸኻ ድማ 'እንታይ ደሊኻ?' ኢልካዮ። ሸው ንሱ፡ 'ይቕሬታ እንዳ ደኳን መሰሉኒ እየ ኣትየ' ኢሉካ፡ ሓሪቑካ።"

"ኡኮ! ንሳ ኢያ ኣሕሪቓትኒ ጸቡቕ ኣለኹ፡ ሕጂስ እዚ ግዛ እዚ ከመይ ዝበለ ደኳን ምኳኑ እናረኣየስ እንታይ ከም'ኡ ኢሉ ዘሕትት ኣሎ?"

ናብ መናድቓን ከበሕታትን እታ ደኳናም ቁሊሕሊሕ እናበሉ እዮም፡ "ሕጂስ እዚ ግዛ እዚ ከመይ ዝበለ ደኳን ምኳኑ እናረኣየሲ . ." ዝበሉ ነይሮም። ንጠሙተ ኣዒንቶም ተኸቲለ ኣነውን ንኹላ'ታ ደኳን ብኣዒንተይ ኮለልያ። ዋላ ሓደ ደኳን ኩብል ዝኽእል ምልክት ኣይዝበራን።

"እዋእ ንሱ ዳኣ'ሞ ቁሊሕምሊሕ ኢሉ ኣስቤዛ ምስ ሰኣነሉ ተጠራጢሩ እንዳኣሉ ዝኸውን 'ደኳን ምስሉኒ እየ ኣትየ' ኢሉ ካ።"

"ኣይምሰልካ ሃደሉ፡ እቲ ወዲ ኩሉ ኣጣምታኡ እንተረኣኻዮ ካብ'ዞም ካቲቦታት እዩ። ኣሎራ ሕጂ ቀትሪ ምሽ ከም'ዚ ናይ ሕጂ ገለ ዝከዝኦ መሲሉ ሰልይዋ ይኸይድ፡ ለይቲ ድማ ምስ ብጾቱ በጣሕ ተኻርዩም መጺኦም፡

"ፓስታ ስፓጌቲ!"

"እዘን 'ሜድ ኢን ኢታሊ' ዝብላ ዲማርቲኗ? ዋላ እዘን ቅጥን ዝበላ ኢክስፕረስ ናይ መን ኢኺ. ትብልየን... ?"

"እተን ዲማርቲኗ እንተለዋ ደኣ ዲማርቲኗ እምበር።"

"ዲማርቲኗ ደሊኺ!? ብሮብዮ ንሸኺ. ካብዘን ፈሲሓት ደቂ ኣስመራ ከይኮንኪ. ኣይትተርፍን ኢኺ። ሕጂ እንታይ ትገብሪ መሲለኪ? በዚኣ ወርድ ኢልኪ. ምሽ ሓንቲ ጽብብ ዝበለት ደኳን ኣላትኪ?" ካብ'ቲ ዝበርዎ ተኾሊሎም መጺኦም ብምናታ ሒዞም ንደገ እናኣውጽኡዋ እዮም ዝዘረብዋ ነይሮም።

"ኢታ እቲ ሰብኣይ ዝጥወየላ ዘሎ ኣንገሎ ምሽ ትርእዩያ ኣለኺ. . .? ብኣኣ ጥውይ ምስ በልኪ. ንኢድ የማንኪ. ጸቢብ ደኳን ኣላ። በቃ ኣብኡ ትረኽብዮን ኢኺ. ዋጋ እንኮማን ደሓን ኢየን ዘለዋ፡ ኪዲ ገየዩ ከይተውዳኣኺ።"

"ስፓጌቲ ሪኢኻ ሃደለ ዓርከይ፡ እተን ልክዕ ዝ ቁልዓ እዚኣ ዝመስላ ጸቡቓት ባዓል ስኖራ ላውራ እንክለዋ ተበሊዖ። ቁመቱ ካብ'ዚ. ናብ ባጽዕ እንደዩ ዝኸውን ከም'ዚ. እናገበርካ ክትጥቕልሎ ጥራይ ክልተ ሰዓታት እዩ ዝወስደልካ። ሓንቲ ኩላሶ ምስ በላዕካ'ኹ፡ በበቒኖብ እናተዘርዘረ፡ በበቒኖብ እናተዘርዘረ ክሰብ ዝላቅቕ፡ ወርሒ. ምሉእ መግቢ ዝኸውል ኣየድልየካን እዩ።"

"ርጉኦ ኣለኩምዶ?" ካልእ ዓዳጊት ድማ።

"ርጉኦ እንዳ ኤቺ? ርጉኦ ዒላብርዕድ፡ ዋላ እዘን ለምቃት ኣብ ጻዕዳ ጎማ ዝመጽኣና ዘለዋ ርጉኦ ኣዜብ . . . ርግኦና ገሉመለ ዝበላ ዓይነት ርጉኦታት!?"

"ርጉኦ ናይ እንዳ ኤቺ እምበር?"

"እሰንኳ ኣይሓዝኩወንን ዘለኹ ሓቂ ትሓይሽ! ግን ልክዕ ብዮንመጣል እዚ. ፊትና

ዘሎ ገዛውቲ ደኳን እንዳ ኑሩ ኢልኪ'ሞ ሕተቲ፡ ኣብኡ ክትረኽቢ. ኢኺ።"

"ተዛዊኽ ስለዘለኹሉ ዋላ ርጉኦ ናይ ዒላ በርዕድ ይኹን ዝብኒ ደሓን።"

"ርጉኦ ዒላብርዕድ ድማ ኣብዩ ኣሎ እመስለኪ. . . ካብና ሓሙሽይቲ ጉዑ 'እንዳ ለተሰላሰ' ትብሃል ደኳን ኣላ፡ ኪዲ ኣብኡ ኢኺ. ትረኽቢ።"

"እሞ ዋላ እዘን ኣዜብ ዝበልኩምኒ ርጉኦኽ ሕራይ!"

"እሰን እውን ሕጂ-ሕጂ ቅድሚ ክልተ ወርሒ. ወዲእናየን።"

"እሞ ዋላ ሓንቲ ርጉኦ ዘይብልኩም ኢኹም እንዳ ኣዜብ'ዶ ዋላ እንዳ ትርሓሰ እናበልኩም ግዜይ ክትቀትሉለይ ዝወዓልኩም?"

"ኣቲ ኪዲ ጥራይ ኪዲ! ኣነ'ኳ ንኣፍልጦኺ. ኢለ እየ እምበር፡ ክትማኸትኒ ኢለ ኣይኮንኩን ዓይነታት ናይ'ቲ ርጉኦ ዘርዚረልኪ።"

ንሳ ወጺኣ፣ ንሶም ናብ ዕላሎም ተመሊሶም።

"እዘን ገለኣተን እኳ ግርም እየን ዝበልኻ ሃደለ ዓርከይ? ሕጂስ እዛ በዓሪት እዚኣስ ሪኢኻያዶ? ብገነሆኡ ብርጉኦይ ጨፈቕፈቕ ዝበለ ሹሓኒ ምሉእ ገዛ ዘይብልዎ እኳ እያ ንዓይ ክትብልዓኒ ቁሩብ ተሪፍዋ ጸኒሑ።"

"ዘይ'ሞ ንሸኻ ኢኻ ተጋጊኻ ኢታ ብርክ ዓርከይ! ኣሚሊዮኡ የለን ንክትብለሲ. - እንታይ 'እንዳ ለተሰላሰዶ ዋላ እንዳ ገርህሳሰ ዝበል ነይሩኻ?"

"ኣይተረዳእካንን ሃደለ ኣይተረዳእካንን! ርኢኻ ኣሎኻ፡ እዘን ከምዚኣተን ዝኣመሰላ ኣዛብእ እንታይ ደዩ ጸገመን መሲሉካ? ብድሕሪ ሰበኡተን እንደየን ዝዓዕታ፡ ዝዋዓታኦ ጥንቲ ምሉእ ገዛ 'ሰዩ...!' ከይበልኦ እንክለዋ ሰበኡተን ንኸየርክበወን እየን ክሳብ ክንድ'ዚ. ዝህወኻ።"

ሰዓታት ስራሕ ስለ ዝኣኸለ፡ እቲ ዕላሎም ጥዑም-ጥዑም እናጠዓመ ጉዳያይ ክኸይድ ተገዲደ። ካልእ ግዜ መተኣታተዊ ምኽንያት ክኾኒ ግን እኽላይ ንዓኦም ሓላዲ ለስላሳ ከፈለሎም እየ።

እታ ደኳን ሽዑን ካልእ እዋንን ከም ዝራኹዋ፡ ልክዕ ከም'ታ ወዲ-ዓድየ ገይሩ ኣዕለሉ ዝበረ ኮይና እያ ረኺብያ። እንዳ ክፍሊ ሓብሬታ።

ነዊሕ መዓልታት ከይወሰደኩ ቅልጥፍ ኢለ ካልእ መዓልቲ ተመሊሰዮም ነይረ። ሸው ዳርጋ እግሪ እግረይ ዝኣተወ መንእሰይ ክውን ኢሉ፡ "ሰላም! ሩዝ ኣለኩም ደዩ?" ምቕልል ኢሉ ሓቲትዎም። ክዘረቡ ክብሉ ኣይመለሱሉን።

"ሰላም! ሩዝ ኣለኩምዶ?" ደገሙ ድማ።

"ኢታ እንታይ ኢኻ ብሰላም ሰላም ትኸልኣና! ንሰምዓካ እንዲና ዘለና ቀጥታ እቲ ዝደለኻዮ ዘይትሓትት።"

"እእእ... ሩዝ ኣለኩምዶ?"

"እዚ. ንውሕ ኢሉ ጸፍሮ ዝበለ በሶማ ናይ ህንዲ፡ ዋላስ እዚ. ክቡብ ኢሉ ወሰን ወሰኑ ድምድም ዝበለ ሩዝ ናይ ዱባይ?"

"ደሓን ሃብኒ'ሞ ብኣደይ ሐዘ ክርእየ።"

"ኣቱም ሰበኡ ትሰምዕዎ ኣለኹም ዲኹም ዝ. ምርኣዩ? ሩዝ ንክገዝእ 'ሓዘ ክርእየ!' ዝበለ፡ ጠሉብጊዕ ንክገዝእ ደኣ እንታይ ምደገመ?"

"እእ... ማለትሲ. ሒዝካ ምርኣይ እዩ ጸቡቕ ኢለ እኳ እየ!"

"ኣነ ዝበልካ ዘለኹ ድማ ንኡዝሲ. ሸምጡ ዲኻ ክትሕዞ ዋላ ኮልኮሉ? ኣብ ምንታዩ እናሓዝካ ኢኻ ክትርእዮ ደሊኻ ዘለኻ?"

"ደሓን'ሞ ሕራይ፡ ዋላ'ቲ በሶማ ዝበሃል ሩዝ ሃቡኒ።"

"ኣብኡ ምጃእ! በሶማ ዝበሃላ ሩዝ እንተ ደሊኻ፡ ኣብ'ዛ በዚኣ ዘላ ጸቢብ ኣንገሎ ቅድሚ ምብጻሕካ፡ ገፉሕ ኣንገሎ ምሽ ኣላትካ፡ ኣብ'ታ ጥቓኡ 'እንዳ ጊላይ' እትብሃል ደኳን ኣላ። ሃተፍተፍ ጌሮፍካ ኪድ ናብኣ ተመርቀፍ።"

"እሞ ኣሎ ዲዩ?" ብድሕሪኡ ዝኣተወት ጓል ከኣ ሓተተት።

"እዘን ኣብ ኻይ ከሎን ኻይ ፍርቂ ከሎን ዝተዓሸጋ ናይ ቱርኪ? ዋላ እተን ኣብ መሸማዕ ዝመጽኣ ዘለዋ ኻይ ሓሙሽተ ከሎ ናይ ኢትዮጵያ?"

"እተን ናይ ቱርኪ።"

"እሰን እንተ ደሊኺ'ሞ ኣብዩ ትኸዲ እመስለኪ፡ ካብ'ዛ ጉዕና ክልተ ኣንገሎ ምስ ሓለፍኪ፡ ሓንቲ ቴንዳ ተኸዲና ኣብ ኣፍ-ደገ ካዝሸሎ ነዊሕ ዓመታት ደው ዝበለት ዓባይ መሪት ኤትረ መኪና ክትርእዪ ኢኺ። ንዕኣ ሕልፍ ኢልኪ. ኣብ ዘላ ደኳን ትረኽብዮን ኢኺ፣ ኪዲ ገየዩ ከይተውዳኣኺ!"

"ኮካ ኣሎ ደዩ!?"

"ኮካ ዲኻ ትብል ዘለኻ? ናይ ጥርሙስ እኳ እንተ ዘይደኸምካ ይሕሸካ። ናይ ፕላስቲክ ከኣ ኩሉ ኤክስፓየር ኮይኑ እዩ። ናይ ታኒካ እንተ ደሊኻ ግን እንደዒ፡ ግን ኣይፍለጥን እዩ 'ኮካ ናይ ታኒካ፡ ኮካ ናይ ታኒካ' ኢልካ እናሓተትካ ኣስመራ ምልእቲ ፈትን።"

ዓደግቲ ኩላቶ ንሶም ክሕብሩ ነዊሕ ሰሚዕዮም። ብዘሾ፡ ወናኒ ትካል ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኮይንካ 'የለን' ክትብል ትኽእል ኢኻ። ግን ከኣ ንኹሉ ዘይትሰ ኑቲ ንግዚኡ ዝተወደኣካ ነገር፡ የለን ክትብል ትኽእል እንዲኻ - ግን ከኣ ከም ቢ. ፓስታ፡ ሽኮር፡ ቀጠፍ፡ ሩዝ፡ በጉኑ ለ. ሳሙና ዝኣመሰለ ነዋዝሒኡ ተደላዪ ዝኾነ መሰረታዊ ጠለብ ዘይትሳሰ፡ እንዳ ሽሮ በርበረን ቀመማትን እኽለኻ - መድሃኒት ንዘሓተተካ፣ እንዳ ቤትመግቢ. እኽለኻ - ነዳዲ ሃቢ ንዝበለካ፣ እንዳ ቤትማስተ እኽለኻ - ጅንጅብል፡ ኮረሪማ፡ ሞቕሞቕ፡ ጻዕዳሽገርቲ ክተቕርበሉ ንዝኣዘዘ፣ እንዳ ደኳን እኽለኻ - ኣብ'ቲ ወሸጣ ደኳንካ ኮይኑ ዝስተ መስተ ንዝሓተተካ፣ እንዳ መሻጢት ወይ እንዳ ቀምቃማይ እኽለኻ - ኣብኡ ኮይኑ ካርታ እናተጻወተ ክዘናጋዕን ከዕርፍን ኣፍቅደለይ ንዝበለካ . . . ወዘተረፈ።

ውልቃዊ ርኢቶይዶ ክውሰኽ? ወናኒ ሕብረተሰብ መሰረታዊ ጠለባቱ ዝዕድገሉ ትካል ክሳብ ዝኾንካ፡ ኣብ'ቲ ትካልካ ክርከብ ዝዓበአ ዝበረ ነገር ንዝሓተተካ፡ ካብ ብርካ ደዩ ካብ የማን ተለቂሕካ ንዝምልከቶ ጠሪዕካ፡ ምስ ገለኦም ተደፋፊእካ፡ ፈተውቲ ኣፍቲኻ፡ ጸላእቲ ኣልዚብካ ምስ መብኣሰትኻ ተዓሪቕካ - ኮታስ በዚ. ደዩ በቲ ኢልካ፡ እቲ ዘድሊ. ነገራት ክተቕርብ ግዴታን ሓላፍነትን ኣለካ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ከሳሲት ወ/ሮ ፈሽን ብርሃ ዝበረድግሊ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሓድሽ ጥዑምዝጊ በራኺ፡ ኣብ ቤት ፍርዲ ዝለዓ ናይ ሓዳር ክሲ መልሲ ንምሃብ ብኣካል ወይ ብወኪል ን 20/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክርአ ምዃኑ ፍለጥ።

## ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ከሳሲት ወረ/ፍ ፍረ-ወርዕ ሕመድ 1.ወ/ሮ ሉተዝጊ ፍረ ወርዕ 2. ወ/ሮ መድሓኒት ፍረ ወርዕ ወኪል ተኸሳሲት ወረ/ፍ/ ፍረ ወርዕ ሕመድ 1. ኣቶ ወርዕ ፍረ ወርዕ +4 ኣቶ ኣሮን ጊላዝጊ ሓመድረካ ተኸሰስቲ ወረ/ፍ/ፍረ ወርዕ ሕመድ 1. ኣቶ ወርዕ ፍረ ወርዕ +4 ኣድራሻኦም ስለ ዘይተረኽበ፣ ተኸሰስቲ 1.ኣቶ ዘርኣማርያም ፍረ ወርዕ 2. ተኻኢቲ ኣፍስሃር ፍስሃ ፍረ ወርዕ ሀ/ሳምኤል ፍስሃ ለ/ ሰናይት ፍስሃ 3. ኣቶ ፍጹም ፍረ ወርዕ 4. ኣፍ/ሄር ሉተማርያም ፍረ ወርዕ ተኻኢታ ሰለማዊት ክ/ማርያም ገ/ክርስቶስ ናይ ውዕል ምፍራስ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብወኪል ን3/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኽምሉ ክርአ ምዃኑ ፍለጡ።

## ምልክታ ንወነንቲ ብርኪ ኤርትራኮ

ፍሉይ ሓፈሻዊ ኣኼባ ወነንቲ ብርኪ ኤርትራኮ ብርካዊ ማሕበር፡ 16 መስከረም 2023 ካብ ሰዓት 08፡30 ጀሚሩ ኣብ ኣዳራሽ ቤት ምኽሪ ንግዲ ኤርትራ ክካየድ መደብ ኣሎ። ኣብ'ዚ ዕለት ምልኣት ጉባኤ እንተዘይ ተረኺቡ፡ ዝቕጽል ኣኼባ ዕለት 23 መስከረም 2023 ኮይኑ፡ ኣብ'ዚ'ውን ምልኣት ጉባኤ እንተዘይ ተረኺቡ፡ 30 መስከረም 2023 ብዝተረኽበ ብዝሒ ተሳተፍቲ ኣኼባ ክካየድ እዩ።

ስለዚ ኩልኹም ወነንቲ ብርኪ ኤርትራኮ ወይ ሕጋውያን ወኪላት፡ ኣብ ላዕሊ ኣብ ዝተጠቕሰ ቦታን ሰዓትን ክትርከቡ ብኽብሪ ንሓድም።

ቦርድ ኤርትራኮ

ኣብ ላዕላይ ከረን ብስም ተስፋይ ጊላማርያም ሰንጋል ብቑጽሪ 300670 ዝተመዝገበ ናይ ገዛ ሊብሬቶ ስለዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሐዚዎ ዝበል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቑጽሪ ቴሌፎን 07188155 ክሕብረኒ፤ እንተዘይሒቢሩ መተካእታኡ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ሚካኤል ተስፋይ
ምስ 6 ኣሕዋተይ።

ኣነ ሃይለ ኣሰፋ ሰማ ዝተባህልኩ፡ ናይ ወላዲተይ ወ/ሮ ሰንበቱ መንግስቱ ሃብተገርግሽ ሕጋዊ ወራሲ ምዃነይ ቤት ፍርዲ ብዘረጋገጸለይ መሰረት፡ ኣብ ኣስመራ ዞባ 7 ምም/17 ዝርከብ ኣብ ኮ/ኣ/ኤርትራ ብቑም.ወረቐት 102420 መ/ወ/ቁ114534 ብወረስቲ ኣፍ/መንግስቱ ሃብተጊዮርጊስ ዝተመዝገበ ገዛ ብውርሲ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍርዲ ናይ መኣገዲ ናብ ቤ/ጽ/ፓብሊክ ኖታርን ካዳስተርን የቕርብ፡ ተቓዋሚ እንተዘይቀሪቡ ግን ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ምዃነይ ኣረጋግጽ።

ሃይለ ኣሰፋ ሰማ

ንሕና ሓሰን ጀማል ሰዒድን ዓብደልራሕማን ኢማም መሓመድኑርን ዝተባህልና፡ ናይ ወለድና ነ/ፍ ጀማል ሰዒድን ነ/ፍ ዘይኑብ ሓሰሰን ምስ መዋርስትና ሕጋውያን ወረስቲ ምዃንና ቤት ፍርዲ ሽርዒ ብዘረጋገጸልና መሰረት፡ ኣብ ኣስመራ ዞባ 1 ምም/03 ቁ.ገዛ 58 ዝርከብ ኣብ ኮ/ኣ/ኤርትራ ብቑ. ም.ወረቐት 111873 መ/ወ/ቁ/109625 ዝተመዝገበ ገዛ ብውርሲ ናብ ስምና ከመሓላልፍ ስለ ዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ናብ ቤ/ጽ/ፓብሊክ ኖታርን ካዳስተርን የቕርብ፡ ተቓዋሚ እንተዘይቀሪቡ ግን ናብ ስምና ከመሓላልፍ ምዃንና ነረጋግጽ።

ሓሰን ጀማል ሰዒድ
ዓብደልራሕማን ኢማም መሓመድኑር

## ምልክታ ጨረታ

ት/መናበዩ ዘኽታማት ኣስመራ፡ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣስቤዛ) ንህጻናት ዝውዕል ቀረብ መግቢ ክጫርት ስለዝደለየ፡ ሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

1. ት/መናበዩ ዘኽታማት ሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ ኣስቤዛ ኣሕምልትን ፍረታትን ስጋ ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሉም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመት 2022 ክሊራንስ መንግስቲ ኮፒ የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ት/መናበዩ ዘኽታማት ቁ/ቴ 181482 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተጫረትቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ 50.00 ናቕፋ ዘይምለስ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ክሳብ 02/10/2023 ሰዓት 10፡00 ወይ ቅድሚኡ ክጸሕ ኣለዎ። ደንገዩ ዝቐረበ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፣ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪሎም ስዑርዎት ወይ ኣብፍታ ጨረታ ክሰዓቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ኣዳራሽ ት/መናበዩ ዘኽታማት ዕለት 02/10/2023 ሰዓት 10፡00 ብግልጺ ይኽፈት።
7. ጨረታ ብመኽበሪ ጨረታ (Bid security) (cpo) 15.000.00 ኣሕምልትን ፍረታት ከምኡ'ውን 10,000.00 ናቕፋ ንስጋ ክሰነ ኣለዎ።
8. ጨረታ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘፍቅዶ መሰረት ይካየድ።
9. ት/መ/ዘ/ኣስመራ ብምሉእ ወይ ብኽፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ት/መናበዩ ዘኽታማት

ኣነ ኣስቴር ወልደስላሴ፡ ወላዲተይ ወ/ሮ ሰምበቱ ባይሩ ተስፋስላሴ ኣብ ዞባ ማእከል ኣስመራ ምም/ን/ዞ/ ኣኽርያ (ዞባ 8ምም.01 ኣር) ፓርሰል B ሎታ 46 ጎደና ራስ በራኺ በኸት ቁ/ገዛ 10 ዝርከብ፡ ብቑምስክር ወረቐት 108962 መወከሲ ቁጽሪ 116602 ብስማ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣመልኪታ ኣብ ረጂስትራር ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ብዕለት 03/06/2021 ብቑ//መዝ/09/21 ብዝፈጸመትለይ ውዕል ወህብቶ መተኣማመኒ ሰነድ መሰረት፡ እዚ ዝተጠቕሰ ገዛ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለዝኾነኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ ይግባይ ተባሂሉ እንተነይሩ ናይ መውዳእታ ውሳኔ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ቤት ጽሕፈት ካዳስተራልን ዞባ ማእከል ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ኦርጂናል ሰነዳተይ ሒዘ ጉዳየይ ክውድእ ምዃነይ እሕብር።

ኣስቴር ኣለም

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት (ዞባ 3) ጎደና ዓዲ ርሶ ቁ.ገዛ 45 ብመወከሲ ቁጽሪ 106104 ቁምስክር ወረቐት 103948 ስፍሓት መሬት 330ት/ሜ ብስም ኣቶ ተወልደ ካሕሱ ሃይለ ዝተመዝገበ ኦርጂናል ልብሬቶ ስለዝጠፍኣኒ፣ ረኺቡዎ ወይ'ውን ብዕዳ ሐዚዎ ዝበል እንተሃልዩ ብቑ.ስልኪ 07172705 ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ደዊሉ ደርክበኒ። እንተዘይሒቢሩ፡ ካብ ዝምልከቶ ኣካል መተካእታ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ተወልደ ካሕሱ ሃይለ

## ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ፦ ኣስቤዛ ስጋ፡ በርበረ ምስ ቀመመ፡ ኣሕምልትን ፍረታትን ዕድጊ፦ ፖሊስ ኤርትራ
ኣርእስቲ ውዕሊ፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ ቀዳዳት ፖ/ኤርትራ ንዓመት 2024 ካብ 01 ጥሪ 2024 ክሳብ 31 ታሕሳስ 2024 ንቐዳዳት ዝውዕል ቀረብ መግቢ ክጫርት ስለዝደለየ፡ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

1.ፖሊስ ኤርትራ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣስቤዛ ስጋ፡ በርበረ ምስ ቀመመ፡ ወዘተ) ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሉም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3.ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2020 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓመት 2020 ክሊራንስ መንግስትን የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ፖሊስ ኤርትራ ኣካል ዕድጊ ኣብ ቁጽሪ 15 ወይ ቁ.ቴሌ 202044 ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተጫረትቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 (ሓምሳ ናቕፋ) ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ ኣብ'ዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ክሳብ ዕለት 31/09/23 ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀትሪ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንጉዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፣ ተጫረትቲ ሕጋውያን ወኪልትን ክሳተፍ ዝደሊ ሰብን ስዑርዎት ወይ ኣብፍታ ጨረታ ክሰዓቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ፖሊስ ኤርትራ ኣካል ዕድጊ ዕለት 31/09/23 ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀትሪ ብግልጺ ይኽፈት።
7. ጨረታ ብመኽበሪ ጨረታ (cpo) 50.000 (ሓምሳ ሽሕ ናቕፋ) ክሰነ ኣለዎ።
8. ጨረታ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘፍቅዶ መሰረት ይካየድ።
9. ፖሊስ ኤርትራ ንምሉእ ወይ ብከፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ፖሊስ ኤርትራ
ኮሚቲ ጨረታ ዕድጊ ፖሊስ ኤርትራ

ኣቶ ኣብርሃም ጲጋይ ተኽለማርያም ዝተባህልኩ፡ ንብረት ናይ ወ/ሮ ኣልጋሽ ኪዳነ ክፍለ ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት/ገዛ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት 1A753 ጎደና 752-11 ቁጽሪ ገዛ 8፡ ፕሎት 3R ፓርሰል/ዞን ASP00007138 ስፍሓቱ 200 ት/ሜተር ዝኾነ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብዕለት 03/07/2014 ብመለለዪ ቁ.ንብረት 1፡007239/1 ብስማ ዝተመዝገበ ገዛ ብዕለት 12/08/2023 ስለዝሸጠትለይ፡ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ወኪል ወ/ሮ ኣልጋሽ ጲጋይ

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ 9 ምም/06 ጎደና 43 ቁ.ገዛ 22 ዝርከብ፡ ኣብ ኮ/ኣ/ኤርትራ ብቑ/ም/ወረቐት 109068 መወከሲ ቁ/10045 ብስም ብንያም ሃይለእየሱስን ኣቶ እስቲፋኖስ ኣሰኮለን ዝተረጋገጸ ገዛ ስለ ዝዓደግክዎ'ሞ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘፍቕዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍርዲ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታርን ካዳስተርን መኣገዲ የቕርብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ምዃነይ ኣረጋግጽ።

ወ/ሮ ሉችያ ተኽለ መሻ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ክረምታዊ ውድድር ህጻናት ግራስ ሩት ይቕጽል

ክረምታዊ ውድድር ህጻናት ግራስ ሩት ኩዕሶ እግሪ ብቕድሚ ትማሊ ብናይ ኣውዲቖካ ምሕላፍ ግጥማት ቀጺሉ ነይሩ።

ኣብ ሜዳ መዓስከር ደንደን ብናይ ትሕቲ 13 ዓመት ደቂ-ተባዕትዮ ገዛጠንዳን ኣቦሻውልን ክጋጠማ እንከለዋ፡ ኣቦሻውል 3-ብ0 ብምዕዋት ሓሊፋ። ማይ ተመናይ ከኣ ንፓራዲዞ 1-ብ0 ብምስዓር ሰዒባታ። ብዘይካ'ዚ፡ ገጀረት ንጋሻፍሒ 2-ብ0፡ ጸጸራት ንጉዳይፍ 2-ብ0 ሰዒረን ናብ ዝቕጽል መድረኽ ሓሊፈን። ሎሚ ኸኣ፡ ኣቦሻውል ኣንጻር ገጀረት፡ ጸጸራት ኣንጻር ማይተመናይ ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ክራኸባ እየን።

ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ናይ ትሕቲ 15 ዓመት፡ ማይተመናይ ንገዛጠንዳ ብፍጹም ቅላዕ 6-ብ5 ሰዒራ ሓሊፋ። ፓራዲዞ ድማ ንኣቦሻውል ብጠፊሕ 4-ብ0፡ ጉዳይፍ ንበራኽ 2-ብ1፡ ማእከል ከተማ ንጸጸራት 6-ብ1 ሰዒረናአን። ሎሚ ድማ ኣብ'ዚ ስታድዩም፡ ፓራዲዞ ኣንጻር ጉዳይፍ፡ ማይ ተመናይ ኣንጻር ማእከል ከተማ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ንፍጻመ ንምሕላፍ ክጋጠማ እየን።



ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ሜዳ ቤት ትምህርቲ ቀይሕ ባሕሪ እውን ናይ ትሕቲ 13 ዓመት ጸወታታት ደቂ-ኣንስትዮ ነይሩ። በዚ መሰረት፡ ኣቦሻውል ንተራቖሎ 1-ብ0፡ ገጀረት ንፓራዲዞ 3-ብ0 ሰዒረናአን።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ብናይ ትሕቲ 17 ዓመት ደቂ-ኣንስትዮ ዝቕጽል ኮይኑ፡ ኣብ ሜዳ ቤት ትምህርቲ ቀይሕ ባሕሪ - ተራቖሎ ኣንጻር ኣኽርያ፡ ፓራዲዞ ድማ ኣንጻር ጉዳይፍ ክጻወታ ምኻነን ጸብጻብ ናይ'ቲ ውድድር የረድኡ።

## ውድድር ሓይልታት ምክልኻል ቀጺሉ

ቀዳመይቲ ሰሙን ኣሕሊፉ ዘሎ ስፖርታዊ ውድድር ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ትማሊን ብቕድሚ ትማሊን እውን ቀጺሉ ነይሩ።

እብረ ግና፡ ልዕት ኣንጻር ጋንታ እትደፍር ብዘይምርካብ 0-ብ0 ተዛዚሙ። ሳሜክ ማሳፍን ካብ ክንፌ ከኣ ብሉጽ ተጻዋታይ ተጻዊዐ።

ቀጺለን ጋንታታት ሰንጥቕን ሳዋን



ብቕድሚ ትማሊ ኣብ ዝተኻየደ ክልተ ግጥማት ኩዕሶ እግሪ ደቂ-ተባዕትዮ፡ ቀዲመን ጋንታታት ክንፊን ሓሬናን ተጋጢመን። እዛ ጸወታ፡ ወላ'ኳ ሱሓቢትን ፈተናታት ዝተራእየላን እንተነበረት፡ ኣብ ክልተኡ ገጢመን። ኣብ መጀመርታ እቲ ጸወታ ብኽልቲአን ጋንታታት ዝሕል ዝበለ እዩ ነይሩ። ጸኒሓ ጸወታ ዝተቐጸጸረት ሳዋ ከኣ ኣብ ዓሰረይቲ ደቒቕ ካብ ጅምዕ ኑር መራሕነት ዘትሓዘታ ሸቶ ረኺባ። ድሕሪ ኣርባዕተ ደቓይቕ ድማ ካብ ሙሴ መንግስትኣብ መራሕነታ እተደልድል ኩዕሶ ምስ ሰኪዐት ኣራኺባ - ንዕረፍቲ 2-ብ0 መራሓ ወጺኣ።


ኣብ ካልኣይ እብረ ግና፡ ሰንጥቕ ሓዪላ ብምቕራብ ብዙኻታታሊ. ኣብ መበል 56ን 75ን ደቓይቕ ካብ ሳምሶም ተኸስተን ሳዶር የማነን ክልተ ሸቶታት ረኺባ፡ ወጽኢት ድማ ማዕረ ኮነ። ይኹን'ምበር፡ ኣብ 87 ደቒቕ ሳዋ ንዘረኸበታ ፍጹም ቅላዕ ብመገዲ ሴም መድሕን ናብ ሸቶ ብምቕያራ 3-ብ2 ካብ ምዕዋት ኣይተዓንቀጸትን። ኣባላ ሴም ከኣ ብሉጽ ተጻዋታይ ተጻዊዐ።

ትማሊ'ውን ብኩዕሶ መርበብ ዝቕጽለ እዚ ውድድር፡ ፈለማ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጋንታታት ሰንጥቕን ክንፊን ተጻዊተን - ሰንጥቕ ከኣ 2 ብ 0 ተዓዊታ። ክንፌ ድማ ንከፈር 2 ብ 1 ኣሲሩፋታ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጸወታ፡ ሰንትቅ ንሸዐላ ከም'ኢይ'ውን ቤፈር ንክንፌ ብተመሳሳሊ 3 ብ 0 ኣሲፈናአን። ተጻዋታይ ቤፈር ተስፉ ኪዳኑ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይ'ታ ዕለት ኮይኑ ምዕዋሉ ከኣ ጸብጻብ እቲ ውድድር የረድኡ። እዚ ውድድር፡ ሎሚ'ውን ቀጺሉ ክውዕል እዩ።

## “ምስ መሲ ዝነበረና ምትህልላኽ ኣብቂዑ እዩ” ሮናልዶ

ክሪስቲያኖ ሮናልዶ፡ ንሱን ሊዮኔል መሲን ንታሪኽ ኩዕሶ እግሪ ከምዘቐየርዎ ብምግላጽ፡ ዝነበሮም ምትህልላኽ ግና ከምዝተበቐዐ ተዛሪቡ።

ሓደ ካብ ናይ ኩሉ ሳዕ ዝበለጹ ተጻወትቲ ዝኾነ ሮናልዶ፡ ምስ መሲ ንልዕሊ ሓደ ዕቑድ ሱሓቢ ተወዳዳርነትን ምትህልላኽን ከምዝርኣዩ ይፍለጥ። ብፍላይ፡ ኣብ እስጳኛ ምስ ሪያል ማድሪድ ኣብ ዝነበረሉ፡ ብተደጋጋሚ ምስ'ዚ ንባርሴሎና ዝሰለፈላ ዝነበረ ኣርጀንቲናዊ ተራኺቡ እዩ።



“ኣብ መላእ ዓለም ኣኽብሮት ኣለና ወይ ንኽብር ኢና። እዚ ኸኣ እቲ ዝያዳ ኣገዳሲ ነገሩ እዩ።” ዝበለ ሮናልዶ፡ “መሲ ናቱ መገዲ ሰሪሑ፡ ኣነ ከኣ ናተይ። ካብ'ቲ ዝረኣኽዎ፡ ብሉጽ ስራሕ እዩ ሰሪሑ። ብዙሕ ምቕጻል እዩ፡ እቲ ወርሻ ከኣ ይቕጽል።” ኢሉ።

ሮናልዶ ደገፍቱ ንመሲ ክጸልእዎ ከምዘይብሎም እውን ገሊጹ እዩ። ንሱ፡ “እቶም ንክሪስቲያኖ ዝፈትዉ፡ ግድን ንመሲ ክጸልእዎ የብሎምን። ምትህልላኽ/ውድድር ብኸምዚ ዓይነት ክኸውን ኣይረኣየንን እዩ። እቲ ምትህልላኽ ተወዲኡ/ጠፊኡ እዩ። ኣብ ግዜኡ ጽቡቕ እዩ ነይሩ፡ ተዓዚቢቲ ፈቲዮሞ ነይሮም። ንመድረኽ ኩዕሶ እግሪ ን15 ዓመታት ተማቒልናዮ ኢና። ኣዕሩኽ ኢና ከኣ ኣይብለኩምን እየ፡ እንተኾነ ፕሮፈሽናላት መሳርሕቲ ኢና። ንሓድሕድና ድማ ንከብር ኢና” ክብል፡ ንመሲ ዘለዎ ክብሪ ገሊጹ።

እዞም ንኩዕሶ እግሪ ዝያዳ መቓረት ዝወሰኹሉ ድንቂ ተጻወትቲ፡ ኣብ መንጎኦም ብዙሕ ክብረ-ወሰናት ኣጽሒፎም እዮም። ማልያ ሪያል ማድሪድ ለቢሱ ትሽዓተ ዓመታት ዝተጻወተ ሮናልዶ፡ ካብ 438 ግጥማት 451 ሸቶታት ብምቑጻር “ናይ ኩሉ ግዜ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ” ኮይኑ ይቕጽል ምህላዉ ይፍለጥ። ኣርባዕተ ናይ ሻምፕዮንስ ሊግ ዘርከበሎም 16 ጽውኣት ከኣ ዓቲሩ። ክሳብ 2021 - ን17 ዓመታት ንባርሳ ዝወከለ መሲ ብወገኑ፡ ኣብ 781 ጸወታታት 674 ሸቶታት ብምቑጻር ተመሳሳሊ ክብረ ብስሙ ኣጽሒፉ ደርኩቡ።

ድሕሪ 20 ዓመታት ካብ ኤውሮጳ ወጺኦም ዝርከቡ ሮናልዶን መሲን ንሓድሕዶም'ውን ኣብ 36 ግጥማት ተራኺቦም እዮም። ናይ መወዳእታ ግዜ ዝተራኸቡላ ከኣ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ መሲ ማልያ ፒኤስጂ ለቢሱ እንከሎ እዩ። ፒኤስጂ ነታ ጸወታ 5-ብ4 ተዓዊታትላ። ሓሙሽተ ግዜ ሽልማት ባሎን ድ'ኦር ዝዎተረ ሮናልዶ፡ ብረብዑ ኣብ ዝወጸ ሓጺር ዝርዝር ሕጹያት እታ ሽልማት 2023 - ድሕሪ 2003 ንፈለማ ግዜ ከምዝይተሓጽየ ይፍለጥ። እንተ'ቲ ሸውዓተ ግዜ ዝተጸወዓለ መሲ ግና፡ ንሻሙናይ ግዜኡ ክዕወተላ ግምት ይወሃቦ ኣሎ።

## ሓጸርቲ ዜናታት

* ኣጥቃዒይ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ኣንቶን ግሬዝማን፡ “ተደጋጋሚ ሕቶ ይመጽኢ ነይሩ፡ ኣተኩሮይ ግና ኣብ'ዛ ጋንታ እዩ ዘሎ። ካብ'ቲ ናይ ኩሉ ግዜ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ ናይ'ዛ ጋንታ፡ ብ15 ሸቶታት ጥራይ እየ ድሒረ ዘለኹ። ንኽሰብሮ/ክሓልፎ ከኣ ክፍትን እየ። ስለ'ዚ፡ ኣይወጽእን እየ - ኣብ'ዚ ኣለኹ።” ክብል፡ ነቲ ካብ ኣል-ነስር ዝመጽኦ ሕቶ ብምንታይ ምኽንያት ከምዘጸገ ኣረዲኡ። ኣብ ታሪኽ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ ዘሎ ሉዊስ ኣራጎነስ እዩ።

* ፕረዚደንት ኩዕሶ እግሪ እስጳኛ ዘሎ ጃቨር ተባስ፡ መሲን ባርሴሎናን ዝተፈላለዩሉ ኣገባብ ከምዘሕዘኖ ገሊጹ።

“መሲ፡ ምስ ባርሳ ክሰማማዕ ብዘይምኽኣሉ ናይ ጸወታ ግዜኡ ኣብ ላ'ሊጋ ክውድእ ኣይክኣለን። ኣብ እስጳኛ ጺሒሉ ናይ ጸወታ ግዜኡ ኣብኡ ክውድእ ጽቡቕ ነይሩ። ንዓይ፡ ንዕኡን ንባርሴሎናን ጽቡቕ ምኾነ ነይሩ። ናብ ፒኤስጂ እንተዘይከይድ እውን ጽቡቕ ነይሩ። ኣብ መንጎ መሲን ኩዕሶ እግሪ እስጳኛን ዝነበረት ፊልም ብኸምዚ ክትዛዘም ግና፡ ዘሕዝን እዩ።” ኢሉ ተባስ።

መሲ፡ ኣብ'ዛ ክረምቲ ካብ ፒኤስጂ ድሕሪ ምውጽኡ፡ ናብ'ታ ካብ ግዜ ቁልዕነቱ ጀሚሩ ዝተጻወተላ እስጳኛዊት ክለብ ክምለስ ከምዝኸኣል ይግለጽ ነይሩ እዩ። ይኹን'ምበር፡ ኣብ 2021 እናንበዐ ካብ ሜዳ ኖ ካምፕ ዝተፋነወ እዚ ኣጥቃዓይ፡ ዶምጋይ ሚልያኣ ክሉብስ ኣይደለየን - ናብ ኢንተር ሚያሚ እዩ ኣቕኒዑ።

* መጽሄት ፎርብስ ትማሊ ኣብ ዝዘርግሖ ዝርዝር ዝኸበራ ክለባት ዓለም፡ ሪያል ማድሪድ ብ6.07 ቢልዮን ዶላር ኣብ ቅድሚት ተሰሪዑ። እዛ ጋንታ፡ ዓመታዊ 807 ሚልዮን ዶላር ኣታዊ ከም እትረክብ እታ መጽሄት ሓቢራ። ድሕሪኣ ክሉብ ዓመታዊ 779 ሚልዮን ዶላር ኣታዊ እትረክብ ማን ዩናይትድ፡ ብሸዱሽተ ቢልዮን ዶላር ትስዕብ። ባርሳ ድማ ብ5.5 ቢልዮን ዶላር ሳልሰይቲ ተሰሪዓ። ሊቨርፑል፡ ማን ሲቲ፡ ባየር ሙኒክ፡ ፒኤስጂ፡ ቸልሲ፡ ቶተንሃምን ኣርሰናልን ከኣ ብዝተፈላለየ መጠን ገንዘብ ክሳብ ዓስራይ ተሰሪዐን ኣለዋ።

* ኣቦመንበር ፒኤስጂ ናስር ኣልኸለፊ፡ ንሪያል ማድሪድን ባርሴሎናን ጥራይ ሓዚ ተሪፉ ዘሎ ሓሳብ ሱፐር ሊግ ኤውሮጳ ንኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ስግኣት ከምዝይኮነ ተዛሪቡ።

ንሱ፡ “እቲ 'ኖ ሱፐር ሊግ' ኣለ እየ ዝጽውዖ። ዝኾነ ሰብ ክሰርሖ ኣይደልየን እዩ። እንታይ ይሰርሑ ኣይግደሰናን እዩ። ኣቐዲመን ሰለስተ ክለባት ነይረን፡ ሕጂ ግና ክልተ ተሪፈን።” ብምባል፡ ሱፐር ሊግ ኤውሮጳ ንኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ስግኣት ከምዘይኮነ የረድኡ። ጁቬንቱስ ኣብ መጀመሪያ ኣዋርሕ እዛ ዓመት ካብ'ቲ ዝወጠኑዎ ሓሳብ ሱፐር ሊግ ድሕሪ ምውጻኣ፡ ኣብ'ዚ እዋን ማድሪድን ባርሳን ጥራይ ተሪፈን ምህላወን ይፍለጥ።

ብዘይካ'ዚ፡ እዚ በዓል ስልጣን ሊግ ስዑዲ ዓረብ ንኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ዘስግእ ከምዘይኮነ እውን ገሊጹ እዩ። “ዝፍርሕ ኮይኑ ኣይስምዓንን። ኣተኩሮና ኣብ ኤውሮጳውያን ክለባት እዩ ዘሎ። ዝበለጹ ተጻወትቲን ውድድርን ኣለና። ንሕና ኣብ ጉዳይና ኢና ነተኩር።” ኢሉ።

## ፓል ኢንስ፡ ንሊቨርፑል ኣጠንቂቑ

ናይ ቀደም ተጻዋታይ ሊቨርፑል ፓል ኢንስ፡ እዛ ጋንታ፡ ንሓዱሽ ተጻዋታያ ዶሚኒክ ስቦዝላይ ምስ ናይ ቀደም ሓለቓ ጋንታኣ ስቲቨን ጀራርድ ካብ ምውድዳር/ምንጽጻር ክትሕደብ ከምዝለዋ ሓቢሩ።

ኣብ'ዛ ክረምቲ ብ60 ሚልዮን ፓውንድ ማልያ ሊቨርፑል ዝለበሰ ስቦዝላይ፡ ቀልጢፉ ንፕሪመር ሊግ ብምልማድ፡ ሱሓቢ ምንቅስቓስ ከርኢ ክኢሉ እዩ። ዝሓለፈ ሰንበት፡ እዛ ጋንታ ኣብ ሜዳኣ ንኣስቶን ቪላ ዓዲማ 3-ብ0 ኣብ ዝሰዓረትሉ ጸወታ ከኣ ንቀዳመይቲ ሸቶ ብምቑጻር መለሱ ደሚቑ እዩ። በዚ ኸኣ ገለ ወገናት፡ ድሮ'ዚ “ሓዱሽ ጀራርድ” ክብልዎ ጀሚሮም ዘለዉ ኣከፋፋሊ፡ ምስ'ቲ ን17 ዓመታት ነዛ ክለብ ዝተጻወተላ ስቲቨን ጀራርድ ክውዳደርዎ ይረኣዩ ኣለዉ።



እዚ ምውድዳር/ምንጽጻር ዘይተዋሓጠሉ ኢንስ ግና፡ ጀራርድ፡ ምስ ዝኾነ ተጻዋታይ ከምዝይወዳደር እምነቱ ይገልጽ። “ዝኾነ ሰብ ንኣከፋፊልቲ ሊቨርፑል ምስ ጀራርድ እንተ ደኣ ኣወዳዲርዎም፡ ኣይጠዐመን ኣሎ ማለት እዩ።” ኢሉ። ንሱ ቀጺሉ፡ “ዶምጋይ ከም ጀራርድ ኣይርከበን እዩ። ከም ጀራርድ፡ ፓትሪክ ቬራን ሮይ ኪንን ብፍጹም ተጻዋታይ ኣይርከብን እዩ። ኣብ'ዚ እዋን ከምዚኦም ዓይነት ተጻወትቲ የለዉን። ንጀራርድ ከኣ ምስ ስቦዝላይ ከተወዳድሩ ኣይከኣልን እዩ። ምስ ጀራርድ ከም ወዲ ጋንታኡን ኣንጻሩን ተጻዊተ እየ፡ ንሱ ሓደ ካብ ናይ ኩሉ ግዜ ዝበለጹ ተጻወትቲ እዩ።” ይብል።

ብዘይካ'ዚ፡ ኢንስ፡ ኣብ ግዜኡም ብሉጽ ተጻዋታይ (World-Class) ክትብሃል እንተኾንካ፡ ንሓደ ዕቑድ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ክትጻወት ከምዝለካ የረድኡ። ንሱ፡ “ብመንጽሩ ሕጂ ግና፡ ሰለስተ ወይ ኣርባዕተ ግጥማት ምስ ተጻወትካ፡ ብሉጽ (World-Class) ይብሉኻ። እዚ ኣይሰርሕን እዩ - ብፍላይ ብናተይ ኣረኣእያ።” ኢሉ።

## ቅንጥብጣብ

* ብራዚላዊ ተኸላኻሊ ሪያል በቲስ ሉዊስ ፊሊፔ፡ ብ25 ሚልዮን ዩሮ ናብ ስዑዳዊት ክሉብ ኣል ኢትሓድ ተጸምቢሩ።

* ኒኮላስ ፔፔ፡ ወላ'ኳ ካብ ክለባት ስዑዲ ዓረብ ተጉዳስቲ ረኺቡ ምህላዉ እንተተገለጸ፡ ቀዳመይቲ ምርጫኡ ቱርካዊት ክሉብ ትራብዞንስፖርት ምኻና ተቓሊሑ።

እዚ ምስ ኣሰልጣኒ ኣርሰናል ሚኬል ኣርቴታ ሓርፋፍ ርክብ ከምዘለዎ ዝገለጸ ኣጥቃዓይ፡ ኣብ'ዛ ክሉብ ውሑስ ቦታ ከምዘይብሉ ይፍለጥ። ዝሓለፈ ዓመት'ውን ብልቓሕ ምስ ፈረንሳዊት ክሉብ ኒስ ምጽዋቱ ይዝከር።

ኣብ'ዚ፡ መሰርሕ ምስግጋር ክለባት ቱርኪ ዛጊት ክፉት ኣብ ዘለወሉ እዋን ግና፡ ናብ'ዛ ክሉብ ክጽምበር ከምዝተቓረበ ይእመት። ኣብ 2019 ብ72 ሚልዮን ፓውንድ ዝኸበረ ተጻዋታይ ኣርሰናል ተጻዊዑ ናብ ሜዳ ኢማራትስ ዝመጸ ፔፔ፡ ምስ ኣርሰናል ዝነበሮን ዝመጽእ ዓመት ዝበቅዕን ውዕል ብናይ ሓባር ምርድዳእ ኣቋሪጹዎ እዩ። ውዕል ኣልቦ ኮይኑ ዘሎ ፔፔ፡ ብማልያ ኣርሰናል ኣብ 112 ግጥማት ተሰሊፉ፡ 27 ሸቶታት ከኣ ኣመዝጊቡ እዩ።

### መደብ ጸወታ

ሎሚ

መጻረዪ ግጥማት ዋንጫ ኤውሮጳ

2024

ጆርጂያ - እስጳኛ 7:00 ምሸት

ስሎቫኪያ - ፖርቱጋል 9:45 ምሸት

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ጃፓን፡ መንኮርኮር ጠፈር ናብ ወርሒ ልኢኻ

ጃፓን፡ ዳህሳስ ከተካይድ ምኽና ዝገለጸታ መንኮርኮር ጠፈር ናብ ወርሒ ከምዝለኣኸት ተገሊጹ።

ጃፓን፡ ነቲ ተልእኾ ተካይድ ዘላ ኣብ ዓለምና ሓሙሻይቲ ኣብ ወርሒ ዳህሳስ ዘካየደት ሃገር ንምኳን ኣብ እትጽዕረሉ ዘላ እዋን እዩ።

ትካል ዳህሳስ ኣየርን ጠፈርን ጃፓን (ጃክሳ) ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እታ ብውሽጣዊ ዓቕሚ ጃፓን ዝማዕበለት 'ኤች.ኣይ ኣይ ኤ' ዝተሰምየት ሮኬት፡ ዝሓለፈ ሓሙስ ካብ ደቡባዊ ክፋል ጃፓን ካብ ዝርከብ ማእከል




ህዋ 'ታኒጋሺማ' ከምዝተተኮሰት ገሊጹ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ብሰንኪ ዘበረ ዘይምቹእ ኩነታት ኣየር፡ ተልእኾ እታ መንኮርኮር ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን ንሰለስተ ግዜያት ከምእተሰገረ እቲ ትካል ወሲኹ ሓቢሩ።

እዛ 100 ሚልዮን ዶላር ወጻኢታት ተገይሩላ ናብ ወርሒ ተላኢኻ ዘላ መንኮርኮር፡ ኣብ ለካቲት 2024 ኣብ ወርሒ ክትዓልብ ትጽበ ይግበር።

ክሳብ ሕጂ ኣብ ወርሒ ብዓወት ዝዓለበ ሃገራት ኣመሪካ፡ ቻይና፡ ሩስያን ህንድን ምኳነን ይፍለጥ።

ህንዲ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ዘይተዳህሰሰ ደቡባዊ ዋልታ ወርሒ ብምዕላብ፡ ታሪኻዊ ዓወት ኣመዝጊባ ምህላዋ ይዝከር።

ጃፓን፡ ካብ 2001 ጀሚራ ዛጊት 47 ተመሳሳሊ ተልእኾታት ከምዘካየደት ዝገልጹ ጸብጻባት፡ እዚ ሓዲሽ ተልእኾ 98 ሚእታዊት ብዓወት ናይ ምዛዛም ተኽእሎ ከምዘለዎ ይገልጹ።

## ፕረዚደንት ጋቦን-ነበር ካብ ናይ ገዛ ማሕዩር ተለቒቑ

ብዕልዋ ካብ ስልጣን ዝተኣልየ ፕረዚደንት ጋቦን-ነበር ዓሊ ቦንጎ ኦንዲምባ፡ ካብ ናይ ገዛ ማሕዩር ተፈቲሑ ንሕክምናዊ ጉዳያት ካብ'ታ ሃገር ክወጽእ ተፈቒዱሉ ምህላዉ፡ እቲ ዝሓለፈ ወርሒ ስልጣን



ዝሓዘ ወተሃደራዊ ጉጅለ ገሊጹ።

"ኩነታት ጥዕንኡ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ፕረዚደንት ጋቦን ነበር ዓሊ ቦንጎ ኦንዲምባ፡ ንኸንቀሳቐስ ናጻ እዩ። እንተደልዩ እውን ንሕክምናዊ መርመራ ናብ ወጻኢ ሃገር ክኸይድ ይኽእል'ዩ" ክብል ኣፈኛ ወተሃደራዊ መንግስቲ ጋቦን ኮሎኔል ኡልሪክ ማንፉምቢ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ተለቪዥን እታ ሃገር መግለጺ ሂቡ።

ዝሓለፈ ሰኑይ ቃለ ማሕላ ዝፈጸመ ሓዲሽ መራሒ ጋቦን ጀነራል ኦሊጉይ ንጉማ፡ ዓሊ ቦንጎ ካብ ናይ ገዛ ማሕዩር ክፍታሕን ናብ ዝደለዮ ሃገር ክኸይድን ንዘእዝዝ መግለጺ፡ ብኸታሙ ከምዘጽደቐ'ዩ ዝገለጸ ዘሎ።

ዓሊ ቦንጎ፡ ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመት ወቕዒ ከምዝጋጠሞን ናይ ውልቁ ሓኪም ከምዝይጸንሖን እዩ ዝሕበር።

በዓልቲ-ቤቱን ወዱን ንዓሊ ቦንጎ ካብ ካዝና መንግስቲ ገንዘብ ሰሪቖም ተባሂሎም ስለዝኸሰሱ፡ ኣብ ቤት-መንግስቲ ተቐይዶም ከምዝጸንሑ ተሓቢሩ።

ጀነራል ንጉማ ዝሓለፈ ሰኑይ ኣብ ቤት-መንግስቲ ቃለ-መሓላ ድሕሪ ምፍጻሙ፡ ሰራዊቱ ኣብ ምርግጋጽ ሰላምን ጸጥታን ተዋፊሩ ከምዘሎ ሓቢሩ። ተኣማንን ናጻን ምርጫ ብምክያድ ስልጣን ናብ ህዝቢ ከምዝመልስ ድማ ቃል ኣትዩ ኣሎ።

ዕልዋ መንግስቲ ጋቦን፡ ብብዙሓት ዜጋታት'ታ ሃገር ተቐባልነት ረኺቡ'ኳ እንተሎ፡ ብሕብረት ኣፍሪቃን ማሕበረሰብ ዓለምን ግን ከምእተኾነ ይግለጽ።

ዝሓለፈ ሒደት ኣዋርሕ፡ ኣብ ሓያሎ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ ኣንጻር ፈረንሳ ዝቆሙ ስምዒታት ዘለዎም ሓለፍቲ ሰራዊት ብዕልዋ ስልጣን መሪሕነት ከምዝጨበጡ'ዩ ዝፍለጥ።

## ሕማም መንሸሮ ወሰኽ ኣርእዩ




ኣብ ዝሓለፈ 30 ዓመት፡ መጠን ተርእዮ ሕማም መንሸሮ ኣብ ትሕቲ 50 ዓመት ዝዕድመኦም ሰባት - ብ80 ሚእታዊት ወሰኽ ከምዝርኣየ፡ ሓዲሽ ዝወጸ መጽናዕቲ ገሊጹ።

እቲ ብረብዓ ዝተዘርገሐ መጽናዕቲ ከምዝመልክቶ፡ ቀጻሪ ኣብ ቀዳሞት መድረኻት እቲ ሕማም ዝርከቡ ሰባት ይዛይድ ኣሎ።

ብዚ ድማ ነቲ ሕማም ንምጽናዕ ዝግበሩ መርመራታትን ናይ ምክልኻል ንጥፈታትን ክሕይሉ እቲ መጽናዕቲ ጸውዒት ኣቕሪቡ።

ካብ 1990 ክሳብ 2019 ኣብ ዝነበረ እዋን ጥራይ፡ ተርእዮ ቀዳሞት መድረኽ እቲ ሕማም ካብ 1.8 ሚልዮን ናብ 3.27 ሚልዮን ክብ ከምዝበለ እቲ መጽናዕቲ ወሲኹ ሓቢሩ።

መጠን ሞት ኣብ ክሊ ዕድመ ትሕቲ 40 ዝርከቡ መንእሰያት ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ብ27 ሚእታዊት ዕብየት ከምዝርኣየ ዝጠቐሰ እቲ መጽናዕቲ፡ ኣብ ትሕቲ 50 ዓመት ዝዕድመኦም ሰባት ቀጻሪ ሓደስቲ ሕሙማት ዓመታዊ ብሓደ ሚልዮን ይውሰኽ ምህላዉ ገሊጹ።

ምትካኽ ሽጋራ፡ ኣልኮላዊ መስተ፡ ምኽሳዕ፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘይምዝውታርን ዕሹግ መግቢ ብቐጻሊ ምምጋብን ገለ ካብቶም ቀንዲ ጠንቅታት ሕማም መንሸሮ ምኳኖም ይጥቀሱ።

## ሕብረት ኣፍሪቃ ቀዋሚ ኣባል 'ጉጅለ 20' ክኸውን እዩ ተባሂሉ

ኣባል ሃገራት ጉጅለ 20፡ ሕብረት ኣፍሪቃ ኣብቲ ጉጅለ ቀዋሚ ኣባል ክኸውን ከም እተሰማምዑ፡ ኣገልግሎት ዜና 'ብሉምበርግ' ምስቲ ጉዳይ ቅርበት ዝለዎም ወገናት ብምጥቃስ ሓቢሩ።

ብዚ ድማ እቲ 55 ኣባል ሃገራት ዝሓቘፈ




ሕብረት፡ ከም ዕዱም ዘይነት ኣብቲ ጉጅለ ከም ናይ ሕብረት ኤውሮጳ ዝመሳሰል ተራ ክህልዎ ምኳኑ ተገሊጹ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ህንዲ ናሬንድራ ሞዲ፡ ኣብ ወርሒ ሰነ ናብ መራሕቲ ኣባል ሃገራት ጉጅለ 20 ኣብ ዝሰደዶ መልእኽቲ፡ ሕብረት ኣፍሪቃ ኣብ ርእሰ ከተማ ህንዲ ኣብ ዝቐየድ ዋዕላ፡ ምሉእን ቀዋምን ኣባልነት ናይቲ ጉጅለ ክወሃቦ ሓሳብ ኣቕሪቡ ምንባሩ ይግለጽ።

መራሕቲ ኣባል ሃገራት ጉጅለ 20፡ እቲ ዋዕላ ኣብ ዝቐደሉ እዋን - ንኣባልነት ሕብረት ኣፍሪቃ ኣብቲ ጉጅለ ኣመልኪቶም መግለጺ ክህቡ ትጽቢት ከምዝግበር ጸብጻባት ብሉምበርግ ሓቢሮም።

ዛጊት ጀርመን፡ ብራዚልን ካናዳን ንኣባልነት ሕብረት ኣፍሪቃ ኣብ ጉጅለ 20 ዘለወን ደገፍ ብወግዒ ምግላጸን ተፈሊጡ ኣሎ።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ እቲ ጉጅለ፡ ን19 ሃገራትን ሕብረት ኤውሮጳን ሓቚፉ ይርከብ።

ጉጅለ 20 ኣብ'ቲ ካብ 9 ክሳብ 10 መስከረም ኣብ ህንዲ ዝካየድ ዋዕላኡ፡ ኣባላቱ ዘይኮና ሃገራት - ማለት ባንግላደሽ፡ ሲንጋፖር፡ ስጳኛን ናይጀርያን እውን ዕዱማት ከምዝኾና እዩ ዝገለጸ።

ብተወሳኺ ኣብቲ ዋዕላ፡ ወከልቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ውድብ ጥዕና ዓለም፡ ባንኪ ዓለምን ኣህጉራዊ ማሕበር ገንዘብን እውን ክሳተፉ እዮም።

ጉጅለ 20፡ ንምዕቡላትን ኣብ ምምዕባል ንዝርከባ ሃገራት ዝጥርንፍ ጉጅለ ኮይኑ፡ ኣባላት እቲ ጉጅለ ኣስታት 85 ሚእታዊት ካብ ጅምላ ዘቤታዊ እቶት ዓለምና፡ ልዕሊ 75 ሚእታዊት ካብ ዓለማዊ ንግዲ፡ ከምኡ'ውን ኣስታት ክልተ ሰሶ ካብ ህዝቢ ዓለም ይውክሉ።

ኣብዚ ወርሒ'ዚ ኣብ ህንዲ ዝቐየድ ዋዕላ ጉጅለ 20፡ ፕረዚደንት ቻይና ሺ ዢንፒንግ ከምዘይሳተፎ እዩ ዝሕበር።

## ላዕለዋይ ልኡኽ ህ.ሪ.ቻይና ናብ ሰሜን ኮርያ ኣምሪሑ

ብምክትል ቀዳማይ ሚኒስተር ህሪቻይና ሊዩ ገዮዝሆንግ ዝምራሕ ላዕለዋይ ልኡኽ ቻይና፡ ጽባሕ ቀዳም ኣብ ዝቐየድ መበል 75 ዓመት ጸምብል ምምስራት ሰሜን ኮርያ ንምስታፍ ሎሚ ዓርቢ ናብታ ሃገር ከምርሕ ምኳኑ ተገሊጹ።

እቲ ጉጅለ ልኡኽ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ጸምብል መበል 75 ዓመት ምምስራት ሰሜን ኮርያ ንምስታፍ - ብመንግስቲ እታ ሃገር ዕድመ ከምእተዋሃበሉ ኣረዲኡ።

ቻይና፡ ነታ ካብ ምጅማር ለበዳ ኮቪድ-19 ኣትሒዛ ዶብታ ንሰለስተ ዓመት ዓጺያቶ ዝጸንሐት ሰሜን ኮርያ፡ ኣገዳሲት መሻርኽታ ምኳና እዩ ዝሕበር።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ፡ ድሕሪ ሰለስተ ዓመት ፈላሚ ኣህጉራዊ ንግዳዊ በረራ ሰሜን ኮርያ - ኣብ ቻይና ከምዝዓለበ ጸብጻባት የመልክቱ።

ምብጻሕ እቲ ጉጅለ ልኡኽ፡ ድሕሪ'ቲ ላዕለዎት ሰበስልጣን ቻይናን ሩስያን ኣብ ሰሜን ኮርያ ዘካየድዎ ምብጻሕ - ክልተ ወርሒ ኣብ ዘይመልእ እዋን ኮይኑ፡ መራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ ኡን እውን ኣብዚ ወርሒ'ዚ ምስ ፕረዚደንት ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን ርክብ ከካይድ ትጽቢት ከምዝግበር ኣመሪካ ትገልጽ ኣላ እያ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ሰላም | 08/09/2023 | ጎደና ሰላም ቁ.ገዛ 47 | 122350 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services